ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.163 ሰሉስ 10 መጋቢት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ጸብጻባት ብዛዕባ መትኒ-ልባዊ ሕማማት




ገጽ 4
ውላደይ ሽንቲ እናመሎቐ ክሳብ መዓስ፧



ገጽ 5
ኣፋዊ ስነ ግጥሚ



ገጽ 7
ምልክታ

# ሚኒስተር ሓሊማ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ኣብ መሰረት ጸቒጥካ ክስራሕ ጸዊዓ

ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ፡ ኣብ'ቲ መሰረት ዝኾነ ታሕተዋይ ደረጃ ጸቒጥካ ምስራሕ ከምዘድሊ፡ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ትግባረ መደባት ትምህርቲ ኣብ ዞባ ደቡብ ንምግምጋም ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ገሊጻ።

ኣብ'ቲ ብ5ን 6ን መጋቢት ኣብ መንደፈራ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ሚኒስተር ሓሊማ፡ መንግስቲ ኣብ ትምህርቲ ዝዀበሮ ዘሎ ወፍሪ እቲ ዝድለ ውጽኢት ምእንቲ ክርከቡ፡ ትካላት ትምህርቲ ብሓፈሻ መምህራን ከኣ ብፍላይ፡ ንተመሃሮኦም ብቑዕ ፍልጠት ንምስናቕ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺራ።

ብቕዓት ትምህርቲ፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርትን መባእታን ብእትገብሮ ጻዕሪ ከምዝረጋገጽ ብምጥቃስ፡ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ዝተጀመረ ንጥፈታት፡ ኣብ መጻኢ ዝኸደ ጠላባቱ ተማሊኡ ዘዕጉብ ኣገልግሎት ንኽህብ ብዕቱብ ክስራሕ ኣተሓሳሲባ።


ስእሊ. መሪሕ ተስፋይ

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ብወገኑ፡ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2025/2026 ኣብ ዝተመዝገቡ ልዕሊ 200 ሽሕ ተመሃሮ እተዮም 88 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ጠቒሱ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ብምሕያል ክብ ንምባሉ ከምዝስራሕ ገሊጹ።

ሓለፍቲ ትምህርቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ ዝለበሩ ብልጫታት፡ ድኽመትን ብደሆታትን ድሕሪ ምትንታን፡ ደገፍ ህዝቢ ኣብ መትከብሮ መምህራን፡ ምጽጋዕን ምስራሕን ክፍልታት፡ ከምኡ'ውን ምምላእ ሕጽረታት ትካላት ትምህርቲ ዝምስገን ምዃኑ ንምጊሮም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ወርቃውያን ሕጋጋት ተመሃራይ ብዮጉበሪ ክስራሓሉ፡ ጻዕቂ ተመሃሮ ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ቁላሕታ ክግበረለን ተማሕጺኖም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ምምሕዳር ዞባ - ኳ-ኳ'ቲ ሕጽረታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምምላእ ብደረጃ ኮምን ምምሕዳራትን ዝቐደ ጻዕሪ ህንጻት ትሕተ-ቅርጺ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምቅልጣፍን ሰደቓታት ንምጽጋንን ተበግሶ ክወስድ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

# ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ፡ ብልዑል መዓርግ ተዘኪራ

8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ፡ "ክብርታትና ዋልታና" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ዞባታት ማእከል፡ ከምኡ'ውን ደቡባውን ሰሜናውን ቀይሕ ባሕሪ ብልዑል መዓርግ ተዘኪራ።

ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ዝተኻየደ፡ ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተረኽቡሉ መደብ፡ ኣደ-መንበር ጨንፈር ሃማደኤ ወ/ሮ ኣለም በላይ ኣብ ዘቕረበቶ ቃል ማሕበር፡ ዝኽሪ 8 መጋቢት - ንቲ ኣብ ነዊሕ ቃልሲና ዝኸሰኽሰናዮ ምስጢር ሓይልና፡ ብቕዓትናን ጥምረትናን ዝኾነ ባህልን ክብርታትን ዓቒብናን ኣማዕቢልናን፡ ናብ ልምዓትን ህንጸት ስልጡን ሕብረተሰብን ንምቕናዑ ቃልና እነሐድሰሉ ኣጋጣሚ ከምዝኾነ ሓቢራ።



ብዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ክዳምቕ ከሎ፡ ካብ 1970ታት ኣብ ምስጢራዊ ስራሓት ውድብ ኣበርቲዓ ኣበርክቶ ንዝገበረት ኣብ ዓዜን ሓርበኛ ግደይ ጎይትኦም ህያብ ተበርኪቱ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ብወገኑ፡ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ስርሓት ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ይመርሓ ምህላወን፡ እዚ ድማ ውጽኢት ዝተኻየደ ቃልስን ዝተኸፍለ መስዋእትን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታት ንምዕቃብን ገስጋስ ደቂኣንስትዮ ንምብራኽን፡ ጎዲኢቲ ልምድታት ብንቕሓት ክምከቱ ተማሕጺኑ።

እቲ ጽንብል፡ ንተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ቃልሲ

ኣብ ዞባ ደ.ቀ.ባሕሪ ብደረጃ ዞባ ኣብ ደሴት ዕሩቂያ ኣብ ዝተኻየደ ምዕሩግ ጽንብል ድማ፡ ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ወ/ሮ ሳዕድያ ኢብራሂም ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ዝኽሪ 8 መጋቢት፡ ህዝቢ ኤርትራ መሳርዑ ብምድልዳል ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣብ ዝሰጋገረሉ ዘሎ እዋን ትዝከር ምህላዋ ፍሉይነት ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ ሱታፌን ተረባሕነትን ደቂኣንስትዮ ዘረጋግጽ መደባት ልምዓት ንምትግባር ቃል ዝኣተወላን ንዓጸፋ ስራሕ ሓላፍነት እተሰከመን ከምዝኾነት ሓቢራ።


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር


ስእሊ-ደምሳስ ጸጋይ

# ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ፡ ኣብ ኮለጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ሰሚናር ኣካየዱ

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ፡ ኣብ ኮለጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲቐይሕ፡ ደረጃ ንቕሓት ተመሃሮ ኣብ ሕግን ስነ-ምግባርን ንምዕባይ ሰሚናር ኣካየዱ።



ብ6 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ፡ ልዕሊ 1,500 ተመሃሮ ከምኡ'ውን መምህራን ዝተሳተፍዎ ሰሚናር፡ ኮሎኔል መሓሪ፡ ኣብ ኣገዳስነት ስነ-ምግባርን ሕግን፡ ዓይነታት ሕጊ፡ ሕግን ገበንን፡ ገበናዊ ጉዳያት፡ እሩም ስነ-ምግባር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተልእኾን ዕማማትን ፖሊስ ኣተኲሩ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ኩብርታትና ከም ትካላዊ ባህሊ ተወሲዶም እንተተሰሪሖሎም፡ ኑቶም ኩብጽሑ ዝድለዩ ሸቶታትን ራኢን ንምስማር ስለዝሕግዙ፡ ከም ዓንዲ ማእከል ዕለታዊ ንጥፈታትና ገይርና ክንሰርሓሉም ብምዝኽኻር፡ ተመሃሮ ኩብርታት ሕብረተሰቦም ዓቒቦም ራኢኦም ንምዕዋት ብትዕግስትን ድስፕሊንን ክመሃሩ ምዒዶም።

ኮሎኔል መሓሪ ኣስዒቡ፡ ተራ ህዝቢ ኣብ ምክልኻል ገበንን ሓደጋን ንምዕባይ ሳላ ዝውደብ ዘሎ ጎስጓሳት፡ ገበናት ኣብ ሓጺር ግዜ ይርከቡ


ስእሊ ሚልዮን ኣፈወርቂ

ከምዝለዉ ብምንጻር፡ ገበናትን ፈጸምቶምን ኣብ ምቅላዕ መንእሰያት ተሳትፎኦም ከዕዝዙ ተላብዩ።

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኣብ መወዳእታ፡ ተመሃሮ ኣብ ሕጊ ዘለዎም ርድኢት ብምዕባይ ብስነ-ምግባር ክመላለሱን ኣብ ገበን ክሕየቡን ምዒዶም።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ ጎስጓሳት ክሳብ ገጠራት ክዝርጋሕ፣ መሃሪ መደባት ፖሊስ ድማ ኣብ ማዕከናት ዜና ብኹሉ ቋንቋታት ክፍኖ፣ ከምኡ'ውን ሰሚናራት ኣብ ኮለጃት ክሕይል ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ሚኒስትሪ ጥዕና፡ 200 ዓረብያታት ስንኩላን ዓዲሉ

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኣብ ሃገረ ሸወደን ብዝቕመጡ ዜጋታት ዝቖመ ማሕበር “ኤራ- ቻይልድሁድ” ዝተበርከታ 200 ዓረብያታት ስንኩላን፡ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ንዘለዎም ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ህጻናት ዓዲሉ።

ብ7 መጋቢት ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ክፍሊ ኣገልግሎት ፊዝዮቴራፒ ኣቶ ገብረሂወት ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበር “ኤራ-ቻይልድሁድ” ካብ 2018 ኣትሒዙ ብብጾዋኡ ኣስታት 450 ዓረብያታት ስንኩላን ከምዝበርከተ ብምሕባር፡ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ወኪል ማሕበር “ኤራ-ቻይልድሁድ” መምህር መሰረት ፍስሃየ ብወገኑ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ኑቲ ሓገዝ ካብ ምቕባል ክሳብ ናብ ዞባታት ንምዝርጋሕ ንዘገበሮ ስራሕ ብምምጓስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ከምዝቕጽልዎ ኣብሪሁ።

ወለዲ ድማ፡ ንስንኩላን ደቀን ንምንቅስቓስ ንዘጸንሐን ሽግር ብምዝካር፡ እተን ዓረብያታት ዘጸንሐን ሽግር ኣብ ምቅላል ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝህልወን ገሊጸን።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ወኪል ክፍሊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዶ/ር ኀይትኦም መብራህቱን ኣካያዲ ስራሕ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ኣቶ ተወልደ የውሃንስን ድማ፡ ንማሕበር “ኤራ-ቻይልድሁድ” ስለ'ቲ ኣበርክቶኡ ብምምስጋን፡ እቲ ሓገዝ ንወለድን ስንኩላን ህጻናትን መስተርሆ ዝፈጥር ምዃኑ ሓቢሮም።


ስእሊ-ሮበል መረስዕ


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጿ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጿ. 1284


# ጎልጅ - ኣብ ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ብማሕበር መምህራን ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝተወደበ፡ ኣብ ኣገዳስነት ቅርዑይ ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርትን ምርግጋጽ ብቑዕ ስርዓት-ትምህርትን ዘተኰረ ኣስተምህሮ፡ ንርእሰ-መምህራንን ተቖጻጸርትን ተዋሂቡ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ኣሃዱ ወጥንን ምምዕባልን ዓቕሚ-ሰብን መምህር ሓይልኣብ ሃብታይ፡ ብቕዓት ትምህርትን ተመሃሮን ንምርግጋጽ ኣብ ዝቶቀድ ጻዕሪ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ምሕያልን ጻዕሪ መምህራን ምድንፋዕን ንብዩኑ ኣኻሊ ከምዝዀነ ብምግላጽ፡ ምሕደራ ንዋት፡ ባጀትን ዓቕሚ-ሰብን ልዑል ኣቓልቦ ክወሃቦ ስለዘድሊ፡ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ምሕደራ ንምስራጽ ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብያተ-ትምህርቲ ብውጥን ዝምራሕ ሰብውን ንዋታውን ምሕደራ ተኸቲለን ክሰርሓን ምምዕባል ዓቕሚ መምህራን ልዑል ኣቓልቦ ክወሃቦ ከምዝዀነ ዝገለጸ መምህር ሓይልኣብ፡ ርእሰ-መምህራን ፍልጠቶም ብቐጻሊ ዘመሓይሹ፡ ብስነ-ምግባርን ጻዕርን ኣርኣያ ብምዃን ስለዝሽዑ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ኣቦመንበር ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ በርሀት ገድሉ ብወገኑ፡ እቲ ኣስተምህሮ ኑቲ ኣብ ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርአ ጉድለት ብምእራም ጽፉፍ ኣገባብ ብምትእትታው ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ መምህራን ብሓፈሻ ርእሰ-መምህራንን ተቖጻጸርትን ድማ ብፍላይ ብዝበቕዓት ክሰርሑ ተላብዩ።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ብዛዕባ መትኑ - ልባዊ ሕማማት

ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ ልብን መትንን ምትእስሳር ዘለዎም ሕማማት፡ ቀዳሞት ቀተልቲ ኮይኖም ኣብ ቅድሚት ተሰሪዖም ደርከቡ። ኣብ 2022 ካብ ህዝቢ ዓለም ኣሰታት 19.8 ሚልዮን ዝኾኑ፡ ብዝምጋም ኣሰታት 32 ሚእታዊት ምኽንያት እዩ ብዝተፈላለዩ ዓይነት መትኑልባዊ ሕማማት (Cardiovascular diseases - CVDs) ህይወቶም ስኢኖም። ካብዚኦም እቶም 85 ሚእታዊት ብመጥቃዕቲ ልብን ወቕዖን ዝሞቱ እዮም።

ልዕሊ ሰለስተ ርብዒ መትኑልባዊ ሕማማት ኣብ ትሑትን ማእከላይን ኣታዊ ኣብ ዘለወን ሃገራት የጋጥም።

ኣብ 2021 ብደረጃ ዓለም ካብ ዘኽሰቱ፡ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝጠንቀም ኣሰታት 18 ሚልዮን ዝኾኑ ቅድሚ ዕምሪ ሞት (ትሕቲ 70 ዓመት ዕድመ ማለት እዩ)፡ እቲ 38 ሚእታዊት ብመትኑልባዊ ሕማማት ዘጋጠመ ነይሩ።

መብዛሕትኦም መትኑልባዊ ሕማማት ኣብ ኣካብራን ንጥፈታትን ለውጢ ብምኽያድ ክትከላኸሎም ዝከኣል እዩ። ካብ ሽጋራን ካብ ካልእ ኣወሰፍቲ ነገራትን ብምሕራም፣ ጥዕና ዘሀቡ ኣመጋግባ ብምዝውታር፣ ግቡእ ምውስዋስ ኣካላት ብምኽያድን ኣካላት ብምስራዕን ክትከላኸሎ ይከኣል።

ግቡእን ሰሩዕን ዝኾነ ሕክምናዊ መርመራታት ምኽያድ፡ መትኑልባዊ ሕማማት ብኣግኡ ንምልላዩ ዝሕግዝ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ምኻኑ ኣይዝንጋዕ።

### መትኑልባዊ ሕማማት ኣየኖት እዮም፧

**መትኑልባዊ ሕማማት ኣብ ልብን ኣብ ሻምብቆ ልብን ዝርኣዩ እኩባት ጸገማት እዮም። ንሳቶም፦**

ሕማም ልቢ 'ኮረናሪ' (coronary heart disease)፦ እዚ ንጭዋዳታት ልቢ ደም ኣብ ዘምጉብ ሻምብቆ ዘጋጥም ጸገም እዩ።

ሕማም ሻምብቆ መትኒ (cerebrovascular disease)፦ ንሓንጎል ደም ኣብ ዘምጉብ መትናዊ ሻምብቆ ዘኽሰት ጸገም እዩ።

ኣብ ወሰናስን ኣርተሪ ዝርአ ሕማም (peripheral arterial disease)፦ ንመሓውራት ኣብ ዝምጉብ ሻምብቆ ኣርተሪ ንዝርአ ጸገም የመልክት።

ቅርጥማታዊ ሕማም ልቢ (rheumatic heart disease)፦ ኣብ ጭዋዳታትን ክፍሊ መጨንገዕን ልቢ ዘጋጥም ሕማም እዩ። እዚ ሕማም'ዚ ብዙሕ ግዜ ስትሮፕቶኮካል (streptococcal) ብዝተባህለ ባክተርያ ዝስዕብ ኮይኑ ልዑል ቅርጥማትን ረስንን ይፈጥር።

መዋልድነቲ ሕማም ልቢ (congenital heart disease)፦ ዕቝል ገና ከይተወልደ ወይ ክውለድ እንከሎ ብዘጋጥም ዝተፈላለዩ ጸገማትን ባርን ዝፍጠር ሕማም ልቢ።

**መጥቃዕቲ ልብን ወቕዖን እቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ መትኑልባዊ ሕማማት እዮም።**

**ልቢ፦**

- ዓቐን ልብና ብዝምጋም ክንዲ ዕማኾ ኢድና ትኸውን።
- ኣብ መዓልቲ ልብና ክሳብ 115,000 ግዜ ትሃርም።
- ኣብ መዓልቲ ልብና ልዕሊ 9000 ሊትሮ (2,000 gallon) ደም ትጭንግዕ።
- ረምታ/ ተምታ (rhythm) ናይ ልቢ ብኤሌክትሪክዊ ኣገባብ ናይ ኣካላትና እዩ ዝልኣዕ - 'ናይ ልቢ ኤሌክትሪካዊ መተሓላለፊ ኣገባብ' (cardiac conduction system) ተባሂሉ ድማ ይግለጽ።
- ልቢ ካብ ኣካላትና ዋላ ምስ እትፍለ ህርመታ ንዝተወሰነ ግዜ ክቕጽል ይኽእል እዩ።
- ክብደት ናይ ወዲ ሰብ ልቢ ትሕቲ 453 ግራም (1 pound) ይምዝን። ልቢ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ብዝምጋም ብ 56 ግራም (2 ounces) ትኸብድ።
- ህርመት ልቢ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ብውሑድ ዓቐን ዝቐልጠፈ እዩ።
- ልቢ ክትሃርም እንከላ ትሑት ዋላ ይኹን'ምበር ድምጺ ይሰማዕ እዩ። እቲ ድምጺ መፈንቶ (valve) ናይ ልቢ ክኽፈትን ክዕጾን እንከሎ እዩ ዝፍጠር።
- ሰሓቕ ንጥዕና ልቢ ኣገዳሲ እዩ። ካብ ወጥረት የናግፈና። ሕማም ናይ ምክልኻል ስርዓት ኣካላትና ድማ የሐይል።

### መጥቃዕቲ ልቢ እንታይ እዩ፧

ኣብ ግዜ መጥቃዕቲ ልቢ (Heart Attack)፡ ኦክሲጅን ዝተሰከመ ደም ናብ ልቢ ከም ንብር ምብጻሕ የቋርጽ። ጭዋዳታት ልቢ ክዳኸሙን ክሞቱን ይጅምሩ። መጥቃዕቲ ልቢ 'ምዮካርዲያል ኢንፋርክሽን' (myocardial infarctions) ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ። 'ምዮ' (myo) ማለት ጭዋዳ 'ካርዲያል' (cardial) ድማ ንልቢ እዩ ዘመልክት። 'ኢንፋርክሽን' (infarction) ብሰንኪ ዋሕዲ ዋሕዚ ደም ንዝርአ ምዕናው/ ምማት ኣካላት የርኢ።

ውሑዳት ኣብ ልቢ ዘጋጥሙ ጸገማት፡ ጠንቂ መጥቃዕቲ ልቢ ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም። ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ልሙድ ጠንቂ ናይዚ ሕማም ኣብ ሻምብቆታት ኣርተሪ ዝፍጠር ዘይንብር ቀጻሊ እዩ። እዚ ቀጻሊ'ዚ ደም ናብ ጭዋዳታት ልቢ ንኸይሓልፍ ዝኸልክል እዩ።

መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ሻምብቆታት ደም ብዝፍጠር ምርጋእ ደም'ውን ክስዕብ ይኽእል እዩ። ብውሑድ መጠን ኣብ ሻምብቆታት ደም ብዝርአ ምኹምታር መጥቃዕቲ ልቢ ክስዕብ ይኽእል።

ወቕዒ ድማ ብሰንኪ ምዕጋት ሻምብቆ ደም ዝርአ ዘይንብር ምልሓኽ ደም ናብ ሓንጎል ዘጋጥም ቀታሊ ሕማም እዩ።




### ኣገደስቲ ሓቅታት መጥቃዕቲ ልቢ

- ብደረጃ ዓለም፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 20 ካልኢት መጥቃዕቲ ልቢ የጋጥም። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ድማ ብሰንኪ መጥቃዕቲ ልቢ ድንገታዊ ሞት ይስዕብ።
- መጥቃዕቲ ልቢ ብቐሊሉ ክለለዩ እትኽእል ምልክት የብሉን። እቲ ጉዳይ ከይፈለጦ ሃንደበት ክጥቅዮ ይኽእል። በዚ 'ዝበምታዊ ቀታሊ ሕማም' ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። መጥቃዕቲ ልቢ፡ ሕማም ሸኮር ኣብ ዘለዎም ግዱያትን ልዕሊ 75 ዝዕድመኦም ሸማግሌታትን ልሙድ እዩ። እዚዎም ሰብ'ዚም በቲ ሕማም ሞት እቲ 50 ሚእታዊት ናብ ሆስፒታል ቅድሚ ምብጽሖም ኣብ ዘሎ ሓደ ሰዓት ዘይመልእ ግዜ የጋጥም። መጥቃዕቲ ልቢ ዘጻብኡ ቀታሊ ሕማም ብምኽንያት ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ደቓይቕ ናብ ሕክምና ክትበጽሕ ይግባእ።
- መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ መንእሰያት'ውን ዘጋጥምዶ እንተኾነ፣ ክወርዶም ንዘኽእል ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ንምክልኻል፡ ቀጻሊ ሕክምናዊ መርመራታት ክካየዱ ይምከሩ።



- መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝርአዩ ምልክት ኩሉ ሳዕ ሓደ ኣይኮነን።

**ግዱያት መጥቃዕቲ ልቢ ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ዝርእይዎ ምልክታት፦**

**- ካብ ማእከላይ ክሳብ ከቢድ ቃንዛ ኣፍ ልቢ፣**

- ጸርወርወ ምባል፣
- ሕጽረት እስትንፋስ፣
- ዕግርግር ምባል፣
- ቃንዛ መሓውር፣

ደቂ ኣንስትዮ ዝርእዩኦ ምልክታት፣

- ገለ ደቂ ኣሰንትዮ ቃንዛ ኣፍ ልቢ ኣየርእያን እየን። ኣብ ክንድኦ - ሕቖአን ክሳደን ኣእዳወን መንከብን ወይ ጎረሮአን የቖንዝወን።
- ዕግርግርን ተምላሰን፣
- ምስልካይ፣
- ሕጽረት እስትንፋስ፣

መብዛሕትኡ እዋን ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ ብዝበምታ እዩ ዝጅምር። ንሓደ ሰዓት፡ጸኒሑ ንመዓልታት፡ ንሰሙናት እናበለ ክሳብ እቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ዝሃሃድ ይጸንሕ። ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ ምስ ዝረኣየካ ተቐላጢፍካ ሕክምናዊ መርመራ ክተካይድ ይግባእ። ቀልጢፍካ ምስ እትፍወስ ዝበለጸ ውጽኢት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

- ትሕቲ 50 ዓመት ዝዕድመአን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ካብ ዝርከቡ ደቂ ተባዕትዮ ብመጥቃዕቲ ልቢ ክሞታ ዘለወን ተኽእሎ ብዕጽፊ ዝዐደደ እዩ።
- ብመጥቃዕቲ ልቢ ካብ ዝርአ እቲ 80 ሚእታዊት ልዕሊ 65 ዓመት ኣብ ዝዕድመኦም ሰባት የጋጥም። ዕድመ ብዘየገድስ፡ ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ ከየቕልበሉ ይግባእ።

### ንመጥቃዕቲ ልቢ ዝያዳ ተኣፋፊ መን እዩ፧

ናብ መጥቃዕቲ ልቢ ከብጽሑ ዝኽእሉ ሓያሎ ረቛሒታት ኣለዉ። ገለ ካብኦም ረቛሒታት ምስ ምድፋእ ዕድመን ተወርሶን ዝመጽኡ ብምዃኖም ክትከላኸሎም ዘጸግሙ እዮም። እቶም ባዕልኻ ትፈጥሮም መጥቃዕቲ ልቢ ከስዕቡ ዝኽእሉ ረቛሒታት ግና ክትቆጻጸሮም ካብኡ ሓሊፍካ ድማ ክትፍውሶም ዝከኣሉ እዮም።

### ተቖጻጺርካ ክትቅይሮም ዘይትኽእል ረቛሒታት መጥቃዕቲ ልቢ፦

ዕድመ፦ ዕድመኻ ካብ 65 ዓመት ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ግዳይ መጥቃዕቲ ልቢ ክትከውን ዘለካ ተኽእሎ ሰፊሕ እዩ።

ጾታ፦ ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ደቀንስትዮ ግዳያት መጥቃዕቲ ልቢ ይኾኑ።

ስድራቤታዊ ድሕረ-ባይታ፦ ሕማማት ልቢ፡ ጸቕጢ ደም፡ ምኽሳሕን ሕማም ሽኮርን ካብ ዘለዎ ስድራቤት ምስ እትውለድ ብመጥቃዕቲ ልቢ ዝያዳ ተጠቃዒ ኢኻ።

### ከተመሓይሾ እትኽእል ረቛሒታት መጥቃዕቲ ልቢ፦

- ምትካኽ ሽጋራ፣
- ልዕሊ ዓቐን ኮሌስትሮል፣
- ምኽሳሕ፣
- ዋሕዲ ምውስዋስ ኣካላት፣
- ኣመጋግባን ኣውሳስዳ ኣልኮላዊ መስተን፣
- ወጥሪ ወዘተ።

### ምክልኻል

ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ካብ መጥቃዕቲ ልቢ ንምክልኻል ዘኽእል ኣገባብ ጥዕና ዘለዎ ኩነታት ኣነባብራ ምኽታል እዩ። እቶም ጥዕና ዘሀቡ ኩነታት ኣነባብራ፦

- ሽጋራ ዘይምትካኽ፣ ተትካኽ ምስ እትህሉ ድማ ቀልጢፍካ ከተቋርጾ ምኽኣል።
- ምዕሩይን ዝተመጣጠነን መግቢ ክትወስድ ምኽኣል።
- ሰሩዕን ዕኹልን ዝኾነ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ።
- እኹል ድቃስን ዕረፍትን ምርካብ፣
- ብሕማም ሸኮር ተጠቂዒ ምስ እትኸውን ነቲ ሕማም ክትቆጻጸሮ ምኽኣል።
- ትወስዶ መጠን ኣልኮል ምጉዳል።
- ዓቐን ኮሌስትሮል ናብ ዝተሓተ ዓቐኑ ምውራድ።
- ጸቕጢ ደም ናብ ንቡር ደረጃኡ ምውራድ።
- ክብደት ኣካላትካ ምቁጽጻር፣
- ብዝተኻእለ መጠን ዘለካ ወጥርን ጭንቀትን ናብ ዝተሓተ ምውራድ።

ምንጪ፦ who.int




### ሎሚ ኣብ ER - TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መኣዝን ልምዓት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ስለ ስፖርት |
| 15:10 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ወግዓዊ ጽንብል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ (ድግማ) |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |

ሸባብ
ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ.

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምሉ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሸባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ውላደይ ሸንቲ እናመሎቐ ክሳብ መዓስ፧

“… እዚ’ኮ ኣብ ለይቲ ጥራይ’ዩ ዝሸይን። ከምኡ ደኣ ኣይተዕርፈ ኢሉኒ እምበር።”

ደዋሊት፥ ሄለው ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ፧

ኣማኻሪት፥ ኣይተጋገኽን ጽቡቕ ኣለኺ። መን ክብል፧ ካበይከ ትድውሊ ኣለኺ፧

ደዋሊት፥ ነብያት እብሃል ካብ ኣስመራ’የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፥ እንታይ ክሕግዘኪ ነብያት፧

ደዋሊት፥ ኣንቲ ወዲ ዓሰርተ ዓመት ቈልዓ ኣለኒ። ኣብ ዓራት እናሸነ ኣሸጊሩኒ እንታይ ከም ዝገብሮ ጠፊኡኒ፧ ገለ ምኽሪ እንተ ረኺብኩ ኢለ’የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፥ መዓስ’ዩ ዘጋጥሞ፡ ኩሉ ግዜ ድዩ፧ ብቐትሪ ወይ ብለይቲ፡ ወይሲ ሳሕቲ’ዩ፧

ደዋሊት፥ ኣብ ቀትሪስ ደሓን’ዩ፣ ኣብ ግዜ ለይቲ ግና ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ዝድቅስ ግዲ ኮይኑ በቃ ዳርጋ ከይሸነ ዝሓድረለን መዓልታት የለዋን ክበሃል ይከኣል’ዩ።

ኣማኻሪት፥ ነብያት፡ እዚ ሸንቲ ዘይምቁጽጻር መዓስ’ዩ ጀሚርዎ፧

ደዋሊት፥ ኣይ! መዓስ ክብሎ ካብ ዝውለድ ክሳብ ሕጂ’ዩ ዘየቋረጸ ዘሎ። ዓሰርተ ዓመት ምሉእ እነኹልኪ ጨብረቕ እብል፣ ሎምስ መሪሩኒ በጃኺ!

ኣማኻሪት፥ ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገም ከይህልዎ፡ ናብ ትካል ጥዕና ኬድኪ ወይ ካብ ሰባት ምኽሪ ሓቲትኪ ትፈልጢዶ፧

ደዋሊት፥ ዋእ! ነዚ ኢለስ ኣይከድኩን። ደሓር ከኣ እንታይ’ሞ ክብልዎ እዮም። ቀትሪ ዋላ ዝሸይን እንተ ዝሽውንሲ ሓቅኺ፣ እዚ’ኮ ኣብ ለይቲ ጥራይ’ዩ ዝሸይን። ከምኡ ደኣ ኣይተዕርፈ ኢሉኒ እምበር። ከም ዝሸይን ሰብ ከይፈልጦ ኢለ’ውን ካብ ዝኾነ ሰብ ምኽሪ ሓቲተ ኣይፈልጥን’የ። ካን ብሓደ ኣፊቱዶ ምስጢር ገዛይ ከውጽእ ኢልክኒ፣ ግና ብገለ ገለ ዝሰማዕክዎ ሓበሬታ ባዕሉ ዝሸኖ ሸንቲ እንተ ሰትዩ ፈውሲ’ዩ ኢሎም ከዕልሉ ሰሚዐ ነይረ ፈቲነዮ ግና ውጽኢት ኣይረኸብኩሉን። ኣንቲ ዋላ ቀጥቂጥካዮ ኣይስምዖን’ዩ እዚ።

ኣማኻሪት፥ ኣብ ገለ ሰባት ሸንቲ ምስታይ ጽቡቕ’ዩ ክብሉ ዝሰምዑ’ኳ እንተኾኑ፡ እዚ ግና ግጉይ ርድኢት’ዩ። ሰባት ክብሉ ሰሚዐ ኢልካ ጥቕሙን ጉድኣቱን ከይፈለጥካ ኣብ ክንዲ ምፍታን፡ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ትካል ጥዕና ብምኻድ ሕክምናዊ ሓገዝ ምሕታት ኣገዳሲ’ዩ። ግና ክሓተኪ ነብያት ወድኺ ካብ ድቃሱ ክበራበር እንክሎ ከመይ ኢሉ ይትንስእ፧ ንስኹምከ ኣብታ ግዜ እቲኣ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ተርእይዎ፧



ደዋሊት፥ ክሳብ ባዕልና ነተንስኦ ካብ ዓራቱ ኣይወርድን’ዩ። ኣብ ጸወታ ኮነ ካልእ ንጥፈታቱ ዝሕል ዝበለ ኮይኑ ቀልጢፉ ዝደሃል ዓይነት’ዩ። ሓደ ግዜ ከምዚ ነብሰ ምትሓት ዝስመዖ ኮይኑ ይስምዓኒ። ሓደ እዋን ናይ ወላዲት ነገር ግዲ ኮይኑ ኣዝዩ’ዩ ዘደንግጸኒ። ግና ኩሉ ሕውስውስ ስለ ዝብለኒ ከይደንጎኹ ኣብ ጸርፍን ዘለፋን’የ ዝኣቱ። ክገርመኪ ካልእ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ቈልዓ ኣለኒ። ንሱ ኣብ ክልተ ዓመቱ’ዩ ሸንቲ ኣቋሪጹ። እቲ ዝነኣሰ ሸንቲ ዘይመሎቐስ ዓቢ እናበልኩ ሕርቕ’የ ዝብል። ጸኒሐ ደኣ እጠዓስ’የ እምበር እንሓንሳብሲ፡ “ኣነስ እንታይ መርገም ነይሩኒ’ዩ ወደይ፡ ኣንታ እንታይ’የ ገይረካ፡” እናበልኩ’የ ዘዋርዶ።

ኣማኻሪት፥ ርኢኺ፡ ነዚ ቈልዓ ምስቲ ምንኣሱ ተወዳድርዮ ስለ ዘለኺ’ዩ እቲ ጸገም። ኩልና ደቂ ሰባት ሓደ ዓይነት ባህርን ጠባይን ክህልወና ኣይክእልን’ዩ። ከምቲ ሕብርናን መልክዕናን ዝፈላለ፡ ኣብ ኣካላትና ዝረኣዩ ምዕባለታት’ውን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለዩ ግድን’ዩ። ናይ ኩሎም ደቅኺ ጥንሲ ሓደ ዓይነት ድዩ ነይሩ ዋላ ይፈላለ’ዩ፧ እስከ እዚኣ መልስለይ።

ደዋሊት፥ ይፈላለ እምበር ነይሩ። ኣብ መጀመርታ ብዙሕ ግዜ ተምላስ የሸግረኒ ነይሩ። ደሓር ግና እናተመሓየሸ ከይዱ። እሞ ምስ ጥንሲ ምትእስሳር ኣለዎ ማለት ድዩ፧

ኣማኻሪት፥ ኖኖ ጥንሲ ምትእስሳር ኣለዎ ኣይኮንኩን ዝበልኩኺ ዘለኹ። ግና ኩላትና ሓደ ከም ዘይኮንና ንኽትግንዘቢ’የ። ሓደ ክትርድእዮ ዘለኪ ነገር፡ እዚ ቈልዓ ኮነ ኢሉ ዝገብሮ ዘሎ ኣይኮነን። ብዙሓት ስድራቤታት ብኸምዚ ናይ ወድኺ ጸገም ይሸገሩ’ዮም። ክእለት ምዕባለ ምቁጽጻር ሸንቲ ኣብ ግዜ ህጻንነት



ዝጅምር እኳ እንተኾነ፡ ዝያዳ ኣርባዕተ ዓመት ምስ በጽሑ ምልኣት ፍሕኛኦም ክርደኦም ስለ ዝጅምር ምቁጽጻር ሸንቲ የማዕብሉን ክመሃሩን ይኽእሉ። ናይ እዋን ለይቲ ክእለት ምቁጽጻር ሸንቲ ዝደንጎየ ኮይኑ፡ ክሳብ ሓሙሽተ - ሸውዓተ ዓመት ክጸንሕ ይኽእል’ዩ። ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ብዝተገበረ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ምርኩስ ብምግባር፡ እዚ ምዕባለ ብዕድመን ጾታን ክፈላለ ከም ዝኽእል ይእምቱ። ኣብ ሓሙሽተ ዓመቶም ብግዜ ለይቲ ሸንቶም ክቈጻጸሩ ዘይክእሉ ክሳብ 16% ክበጽሑ እንከለዉ፡ 1-2% ድማ ማዕጾ ፍሕኛ ይኹን ንምልቈተ ሸንቲ ዝቆጻጸር ነዝዒ ከየማዕበሉ ክሳብ 15 ዓመት ዝጸንሑ ክኾኑ ይኽእሉ። ብጾታ ክረአ እንከሎ ድማ ዝያዳ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝረአ እቶም መጽናዕትታት ይሕብሩ።

ደዋሊት፥ እንታይ ጸገሙ እዩ ወደይ፣ ክሳብ 15 ዓመት ኢልካ ከኣ ኣሎ። እንታይ’ዩ ወደይ ናብዚ ኩሉ ዘብጽሖም ዘሎ።

ኣማኻሪት፥ ዝተፈላለየ ጠንቂ ክህልዎ ይኽእል’ዩ፡ ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ፥

- ሸንቲ ዝቈጻጸር ኣፍደገ (ማዕጾ) ፍሕኛ ምዕባለኡ ምስ ዝዘሕትል፣
- ፍሕኛ ብተፈጥሮኣ ንእሸቶ ምስ ትኸውን፡ ካብቲ ክትሕዞ ዝግባኣ ዓቐን ንታሕቲ ትሕዝ፣
- ተወርሶኣዊ ዝዘወት፡ ካብ ተመሳሳሊ ጸገም ዘለዎም ስድራ ዝተወልዱ ዝያዳ ቅሉዓት ይኾኑ፣
- መጠን ማይ ኣብ ኣካላትና ብፍላይ ድማ ኣብ ኩሊት ዝቈጻጸር ቫሶፕረሲን ዝተባህለ ነዝዒ ጉድለት ምስ ዝህሉ ናብዚ ኩነት የቃልዕ፣
- ከቢድ ድቃስ ንቈልዓ ፍሕኛኡ ከም ዝመልአ ንኸይፍለጦ ይገብር’ዩ ዝብል፡ ምሉእ መዕለቢ ዘይረኸበ መረዳእታ ኣሎ፣
- ዝበዝሐ ቈልዑ ዝኾነ ውሽጣዊ ጸገማት እኳ እንተ ዘይሃለዎም ከም ሕማም ሽኮርያ፡ ረኽሲ ስርዓተ ሸንቲ፡ ሕማማት ኩሊት፡ ሕማም ምንፍርፋር፡ ድርቀትን ካልኦት ሕማም ጠንቂ ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም።

ስለዚ፡ ነብያት ብመጀመርታ፡ ኣብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ውሽጣዊ ሕማም ከም ዘይብሉ ከተረጋግጺ ይግባእ። ንትካል ጥዕና ኣብ እንኸደሉ እዋን ክንዘራረበሉ ዝግበኣና ዛዕባ፥ ከይሸነ ዝሓልፈለን እዋናት ክንደይ’የን፣ ከምዚ ዓይነት ሕሉፍ ታሪኽ ኣብ ስድራ ምህላዉን ዘይምህላዉን፣ ቈልዓ ናይ ምሕርናኽ ልምዲ ኣለዎ ድዩ፣ ዝወስዶ መድሃኒታት እንተ’ለዎ፣ ኣብ ስድራቤት ከም ፍትሕ፡ ሞት፡ ምፍላይ ኣቦ ወይ ኣደ ብመገሻ፣ ኣብ ርእሲኡ ድማ ኣተኣላልያን ኣረኣእያን ወለድን ኣሕዋትን ብሰፊሑ ክንዘራረበሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ። ኣለኺዶ ነብያት፧

ደዋሊት፥ እሰምዓኪ ኣለኹ።

ኣማኻሪት፥ ካብዚ ክንዘራረበሉ ዝጸናሕና ተበጊስኪ ኣብ ወድኺ ዝጸንሐ ኣተኣላልያን ኣረኣእያን ከመይ ይመስል፧

ደዋሊት፥ ኣይ! እንታይ ኢልክሉ ኢኺ ወደይ ደኣ መስኪናይ ከምዚ ባዕሉ ዘምጽኦ ሓንሳብ ይቕጥቀጥ፣ ያኢ መቕጻዕቲ ተሓሲብለይ ኣብ ምድሪ ኢኻ ትሓድር ተባሂሉ መሸማዕ ኣንጺፈ ኣብ ስሚንቶ ዘሕድሮ እዋን ነይሩ። ምንኣስ ሓዉ ከይተረፈ ብገለ እንተ ተባኢሶም “ጠስጣስ” ኢሉ ይጸርፎ። ከይተረድኣና ብዙሕ ሃሰያ ኢና ኣውሪድናሉ። እዚ ኩሉ ገይርናስ መዓስ ገዲፍዎ፣ እቲ መቕጻዕትስ ንዓና’ዩ ዝግባእ ነይሩ። እዋይ ወደይ! መስኪናይ ሓቂ እንድዩ ደኣ በረግ ክብል፣ ማለተይ ፈራሕ’ዩ። እሞ ሕጂ ደኣ እንታይ’ዩ ዝግበሮ፧ ክገድፎኸ ይኽእል ድዩ፧

ኣማኻሪት፥ ብዘይካ እቶም ተወሳኺ ሕማማት ዘለዎም ቈልዑ ባዕሉ ዝገድፎም እኳ እንተኾነ፡ ኣልያን ምትብባዕን ግና የድልዮም። በዚ መስርሕ ክምሓየሽ እንተ ዘይክኢሉ ድማ መድሃኒታዊ ሓገዛት ክግበረሎም ይኽእል። ስድራቤታት ክርድእዎ ዘለዎም እዚ ጸገም ብፍትወቶም ዝመጾ ክሳብ ዘይኮነ፡ መቕጻዕትን ዘለፋን ከውርዱሎም ኣይግባእን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፥

- ብዝተኻእለና ቈልዓ ቅድሚ ምድቃሱ ክሸይን ከም ዘለዎ ሓላፍነት ወሲድና ምዝኽኻር የድሊ፣
- ኣብ ግዜ ለይቲ’ውን እንተኾነ ኣተሲእና ከም ዝሸይን ምግባር፣
- ቅድሚ ድቃስ ሽኮራዊ፡ ካፈይን ትሕዝቶ ዘለዎም መስተ ምውጋድ፣
- ጸልማት ዝፈርህ ቈልዓ ምስ ዝኸውን ሃሳስ መብራህቲ ወሊዕናሉ ወይ መብራህቲ ኣብ ጥቕኡ ኣቐሚጥናሉ ምሕዳር ሓጋዚ’ዩ፣
- ቈልዓ ክሰትዮ ዘለዎ ፈሳሲ መብዛሕትኡ ኣብ ናይ ንግሆ ወይ ቅድሚ ሰዓት 5 ድ.ቐ. እንተኾነ ይምረጽ፣
- መደቀሲኡ ፕላስቲክ መንጸፍ ምግባር ንኸይሸትት ሓጋዚ’ዩ፣
- ብተወሳኺ ንግሆ ክትንስእ ከሎ ጠልቂዩ ምስ ዝሓድር ተሓጻጺቡ ክዳኑ ክቕያይርን ንጽህናኡ ክሕሉን ምትብባዕ፣ ከይሸነ ምስ ዝሓድር ድማ ኣተባባዒ ዝኾነ ቃላትን ውደሳን፡ ከምኡ’ውን ሽልማት ምሃብ ንሞራሉ ሓጋዚ’ዩ፣
- ቈልዓ ከይደቀሰ እንከሎ ፍሕኛ ከም ዝመልአት ሓሲቡ ኣብ ዓራት ደይቡ ንኽሸይን ከም ዝወርድ ብምግባር፡ ብተደጋጋሚ ምልምማድ ኣብ እዋን ለይቲ ንኽለማማድ ሓጋዚ’ዩ፣
- መተንስኢ ሰዓት ተጠቒምካ’ውን ኣበራቢርካ ምልምማድ ይከኣል። ብተወሳኺ ኣብ ስረ ውሽጢ ዝለግብ ዘመናዊ መሳርሒ፡ ስረ ውሽጢ ክትርክስ ኣብ ዝጅምረሉ ደወል ብምውቃዕ ንኽበራበር ዝገብር መሳርሒ’ውን ኣሎ።

ስለዚ፡ ነብያት እዚ ጸገም ኣብ ኣብ ብዙሓት ሰባት ዘጋጥም ስለ ዝኾነ፡ ናይ ውላድኪ ጸገም ጥራይ ከይመስለኪ። ሓገዝ ክርከብ ከም ዝኽእል ፈሊጥኪ ብዝተኻእለኪ ክትሕግዝዮ ፈትኒ።

ደዋሊት፥ በሊ እስከ ኣምላኽ ይሓግዘኒ። ንዝሃብክኒ ሓበሬታ ኣዝየ’የ ዘመስግነኪ።

ኣማኻሪት፥ ኣነ’ውን ምኽሪ ደሊኺ ብምድዋልኪ ኣመስግነኪ፣ ብሩኽ መዓልቲ።

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

## ኣፋዊ ስነ ግጥሚ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)
ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ
ሻዱሻይ ክፋል

### ኣገዳስነት ኣፋዊ ስነ ግጥሚ

ብዙሓ ሆመርን ወሩያት ግጥምታቱ ኢልያድን ኦዲሰይን ክብሃል ዝኽእል ኣመና ብዙሕ እዩ። እዚም ኣብ 850 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣቢሉም ብሆመር ዝፈረዩ ኣፋዊ ግጥምታት ክሳዕ ሕጂ ኣብ ዝፈረዩ ኣፋውን ጽሑፋውን ግጥምታት ብዙተሓላለዘ ዝለዓሉ እዮም። እዚም ብሆመር ዝፈረዩ ግጥምታት ንስነ ጽሑፍ ግሪኽ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንግሪኽ ከም ሃገር ክትፍለጥ ዝገበሩ፡ ካብ ነገበይናም ኣፋዊ ዛንታታት ንላዕሊ፡ ብዙሓ ባህልን ቃልስን ግሪኻውያን መሰረታዊ ሰነዳት ዝሓዙ ግጥምታት እዮም።

ካብ 1488 ዓመተ ምህረት ንድሓር ኣብ ዘሎ ግዜ ምሁራት ግሪኽን ካልኦት ሃገራትን ኣፋዊ ግጥምታት ሆመር መጻሕፍትን ካልኦት መሰኑዲታትን እናተጠቐሙ ናብ መላእ ዓለም ከም ዝዘርጋሕ ገበሩ። ወላኳ ቅድሚ እዚ ግዜ እውን ተመሳሳሊ ፈተነ ተኻይዱ እንተነበረ፡ እቲ ዝያዳ ንግጥምታት ሆመር ዓለማዊ ጽልዋን ኣፍልጦን ከም ዝህልዎም ዝገበረ ግን እቲ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዓመተ ምህረት ዝተኻየደ ስራሕ እዩ። በዚ ኣገባብ ግጥምታት ሆመር ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም ዝርከቡ ህዝብታት ሰላም፡ ፍትሒ፡ ምዕባለ፡ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ምኽባር ፍልልያትን ክርድኡ ከምዝለዎም ንምርዳእ ዝለዓሉ ኾኑ። ብዓብኡ ኸኣ ነቲ ኤውሮጳውያን "ረናይሳንስ" ኢሎም ዝጸውዕዎ ፍልጡት ዝዳጠቐት ዓለም ንምፍጣር ዝጸለመ ሰውራኦም፡ ግጥምታት ሆመር እቶም ቀንዲ ገስገስቲ ሓሳባት ኰኑ። ወዲሰብ ጥበበን ሰብኣውነትን ንኽፀማር ግጥምታት ሆመር ክንብቡ ተጀመረ። ወዲ ሰብ ልቦና ንኽመሃር ነቶም ኣብ ግጥምታት ሆመር ዝርከቡ ልቦናታት ከም ዝፈልጦም ክግበር ተደልዩ።

እቲ ኻልእ ብመገዲ ሆመር ኣብሉ ኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ንምግላጽ ዝቐርብ ሓሳብ፡ ግጥምታት ሆመር ኣብ ካልኦት ኣፋዊ ያታታትን ዘመናዊ ስነ ጽሑፍን ዝፈጠሩዎ ጽልዋ እዩ። ወላኳ ጽልዋኦም ካብ መጀመርታ እንተነበረ፡ ካብ 12 ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ዘሎ ግዜ ግጥምታት ሆመር ንብዙሓት ጸሓፍትን ደረስትን መሰረት ኰይናም እዮም። ብዙሓት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜን ቦታን ዝፈረዩ ደረስትን ፍርያቶምን ንግጥምታት ሆመር ተወኪሶም ዝቐሉ እዮም። ካብ ግጥምታት ሆመር ኾይሎም ዝተደርሱ ግጥምታት፡ ዝተመድረኹ ድራማታት፡ ዝወጹ ቅርጺታት፡ ዝተሳእሉ ዝተፈላለየ ርእያት ዘለዎም መጻሕፍቲ፡ ዝተደርሱ ፊልምታት ኣመና ብዙሓትን ልሉያትን እዮም። ኤሩፒደስ ንትሮደስ ክጽሕፍ እንከሎ፡ ጎፍረይ ቾከር ንትረይለስን ክራይዚድን ክደርስ እንከሎ፡ ዊልያም ሸክስፒር ንትረይለስን ክረሲዳን እንክፍሩ፡ ሳሙኤል ኮለሪጅ ፈጥነያን ፖሊዜናን ክጽሕፍ እንከሎ፡ ሄክቶር በርያዝ ለሰን ትሮያንስ ክደርስ እንከሎ ወዘተ ንግጥምታት ሆመር እዮም ከም ምንጪ ሓሳቦምን ሓይሊ ድርሰታቶምን ዝገበሩ። ኣብ 1956 ዝፈረየት ፊልም ሄለን ኦፍ ትሮይ፡ ኣብ 1961 ዝተዳሎት ፊልም ፈረስ ትሮይ፡ ከምኡ እውን ኣብ 2004 ዝቐረበት ፊልም ትሮይ ድማ እቲ ብቐረባ ዝጥቀስ ካብ ኣፋዊ ግጥምታት ሆመር ዝፈረያ ዕዮታት ስነ ጥበብ እዩ። እዚ ከም ኣብነት ተላዒሉ ዘሎ ሓሳብ ከኣ ኣብ ኩሎም ኣፋዊ ግጥምታትን ካብኦም ክቐሉ ንዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ድርሰታትን ክስሕብ ዝኽእል እዩ።

ሊቻን ከፊንን ዝተባህሉ ክልተ ምሁራን ኣፋዊ ስነ ግጥሚ ኣብ 1961 ብሓባር ኣብ ዘሕተሙዎ "Writing Oral literature" ዝብል መጽሓፎም፡ ንኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ኣብ ክልተ ከፊሎም ክርእዩዎ ይፍትኑ። ኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ንሕብረተሰብን ኣብኡ ንዝዋገዱ ትካላትን ውልቀሰባትን ብምባል ድማ ይፈላልዩዎ። እዚ ኣገባብ ነቲ ተዘርጊሑ ዘይውዳእ ኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ኣቐርጺዩ ዝሕዝ ብምዃኑ ድማ ብብዙሓት ኣብ ኣፋዊ ስነ ግጥሚ ዝዋገዱ ወገናት ልዑል ተቐባልነት ዝረኸበ ምልከታ እዩ። ዝጠዓሙ እዮም ብኣዝዩ ይኹኑ ብፈደላት ክዘርዘሩ ዝኽእሉ ንኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ዝገልጹ ሓሳባት እውን ኣብዚ ክልተ ምድባት ክኣትዉ ዝኽእሉ እዮም።

#### ኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ንሕብረተሰብ

ኣፋዊ ግጥምታት ምስ ኩሎም ኣፋዊ ያታታት ብምዃን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትን ኣተሓሳስባን ሕብረተሰብ ዘበርክቶ እጃም ካብ ብጽሑፍን ንግራን ዝበዝሕ ንላዕሊ ምኳኑ ንዘኽረ ሰብ ተረዲኡዎ ኣይፈልጥን። ወላኳ እዚ ክስተት ኣብ ኩሉ ብጽሑፍ ክበሃል ዝድለ ዛዕባ ዝረኣ እንተኾነ፡ ኣብ ኣፋዊ ግጥምታት ግን ሰድሪ ኣይሰኣኖን።

ኣፋዊ ግጥምታት ካብ መዓልታዊ ናብራ ናይ ሕብረተሰብ ዘይፍለ ከም ምዃኑ፡ ሕብረተሰብ ካብ ንኣገዳስነቱ ምግላጽ ክብሎ፡ ካብ ምባሉ ንዘቐለ ርድኢትን ምስትምቓርን ክቢደስን እዩ ዝቕለ። ኣፋዊ ግጥምታት ስምዒታቱ ዝገልጸሉን ሓበሬታ ዘመሓላልፈሉን ጥበብ እዩ። ካብ ሰብኣዊ ክብርታቱን ባህላዊ ልምድታቱን ስጉሚ እውን ትኹን ወጽእ ንዝበለ ወኹ ዓትክር ዝብሉ መግነሒኡን ምንጪ ልቦናኡን እዩ። ርስትን ጕልትን ንምዕቃብ ምፍሳስ ደምን ምስባር ዓጽምን ከም ዘድሊ ንምንጋር ዝግልገሉ ኣፍ እዩ። ሃገርን ወገንን ኣሕሊፍካ ምሃብ ክንደይ ንውሓት ግዜን ርሕቀት ቦታን ዝሰብርን ዝሰይድን እንታ ዝሓድግ ምኻኑ ንምርዳእ ዝግልገሉ ሜላ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣፋዊ ግጥምታት ዝኾነ ወዲሰብ ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ስምዒቱ ዝገልጸሉ፡ ሓድሕድ ንኽመላለእ ዝፈቓቐደሉ፡ ሓይልን ፍናንን ንምርካብ ዝሰሓለሉ መዘበጥ እዩ። ብሓፈሻ ከምቲ ቀዲሙ ዝተባህለ ኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ብጠቕላላ ጥራይ እዩ ክሕለፍ ዝከኣል። ብሓፈሻ ኣፋዊ ግጥምታት ንሕብረተሰብ ኣይድእግሩን ሓሳቡን ተግባሩን እዮም። ዝኾነ ሕብረተሰብ ብኣፋዊ ግጥምታት ዘይገልጾ ስምዒትን ዘይዝክሮ ንጥፈትን ዘይሰንዶ ታሪኽን የልቦን ክብሃል ይከኣል። ካብዚ ብምንቃል ድማ'ዩ ኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት፡ ይትረፍ ጽሒፍካ ብኣፍ ነጊርካ እውን ኣይፋረቐን እዩ ዝብሃል። እቲ ዝሓሸ ንኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ንምግላጽ ዝዘውተር ጥበብ ድማ ንኣብነታት ዝኾኑ ኣፋዊ ግጥምታት ምጥቃስ እዩ። እዚም ኣብዚ ጽሑፍ ተኻቲዮም ዘለዉ ኣፋዊ ግጥምታት ሕብረተሰብና እውን ነዚ ኣርእስቲ ኣብ ምድራዕ ግደ ዘለዎም እዮም። እኳ ድኣ ክንጽ እቲ ኣብ ዝተወሰነ መስመራት ክቕመጥ ዝኽእል ንኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ዝገልጽ ሓሳባት።

#### ኣገዳስነት ኣፋዊ ግጥምታት ኣብ መጽናዕትን ምኽዕባት ፍልጠትን

ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ዝተኣንፈተ፡ ክሳዕ መወዳእታ ናይ 19 ክፍለ ዘመን ካብቲ ዘውንኖን ዘሰጋግሮን ሕብረተሰብ ወጺኡ፡ ኣብ ኣፋዊ ግጥምታት ዝጥቀስ ጉዳያን ወፍርን ኣይነበረን ክብሃል ይከኣል። ካብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ንድሓር ግና ኣፋዊ ግጥምታት ተጻሒፎምን ተቐሪጾምን ካብን ናብን ክሰጋገሩን ክወራረሱን ስለዝጀመሩ፡ ኣፋዊ ግጥምታት ኣብ ስነ ግጥሚ ብዝዋገዳ ትካላት መጽናዕትን ምርምርን፡ ኣብ ስነ ግጥሚ ብዝዋገዱ ውልቀ ሰባትን ካልኦት ብዝተፈላለየ መገዲ ኣእዳዎም ዝሕወሱ ወገናትን ሰፊሕ ጠመተ ክረኽቡ ጀመሩ።

ኣፋዊ ግጥምታት መጽናዕቲ ዝቐደሎም ትሕዝቶታት ናይ ባህሊ ካብ ዝኾኑ ውሑድ ኣየቕጽሩን። መጽናዕቲ ኣፋዊ ግጥምታት ከም ዓውዲ ወይ ደስፕሊን ተወሲዱ ሰፋሕቲ ናይ መጽናዕትን ጸጽያን ስራሓቲ ካብ ዝቐደሎም ልዕሊ 260 ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። ከም ኩሎም ኣፋዊ ያታታት፡ ኣፋዊ ግጥምታት እውን ምንጪ ፍልጠትን ካብኡ ዝጥረ ልቦናን ምዃኖም ኣብ ስምምዕን ተበጺሖን ምስ ተበጽሐ፡ ንምጽናዕም ብሽም ኮዕታ ማዕድንን ጠፈራዊ ምርምርን ክምስል ዝኽእል ወፍርታት ተኻይዱሎም እዩ። ኣፋዊ ግጥምታት ዘጽንዓን ዓመቕቲ ምርምር ዘካይዳን ዩኒቨርስቲታት ይኹና ኮሌጃት ኣብ ነገበይኑ ከርናዕት ናይ ዓለም ተመስሪተን ኣብ ኣፋዊ ግጥምታት ብዘገበራኦ ትኹረት ሰምን እታውን ረኺበን። እዘን ከምዚ ዝበላ ትካላት መጽናዕትን ምርምርን ኣብ ኣፋዊ ግጥምታት ሰፊሕን ደቂቕን መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ኣብ ስርዓተ ምህሮ፡ ምርምር፡ ዕረያ ጥምዙዝ ሓበሬታ፡ ድስላ ፍልጠት፡ ምስሳንን ምህብታምን ፍርያት ስነ ጥበብ፡ ምዝማንን ምሕብራውን ኣገልግሎታት፡ ምዕዛዝ ሕብረተሰባዊ ምክብባርን ምውሓስ ዓለማዊ ሰላምን ወህደትን ወዘተ ልዑል ተራ ዘለዎ ፍልጠትን ሓበሬታን ኣበርኪተን እየን። ኣብዘን ትካላት ዝዋፈሩ ይኹኑ ብፈንታዊ ድልየቶም ኣብ መጽናዕትን ምርምርን ዝጥምቑ ውልቀ ሰባት እውን ካብ መጽናዕትን ምርምርን ኣፋዊ ግጥምታት ብዝረኸብዎ ጥበበን ልቦናን ሕሉፍን ህልውን ሕብረተሰብ ንዓለም ኣብ ምንቃሕን ምምእዛንን ዝጻወቱዎ እጃም ኣመና ዓቢ እዩ።





## መታሓፍስቲ

### ኣብ ምረት

ብ1 መጋቢት 1896 ኣብ ወግእ ዓድዋ ወዲለም፡ ጣልያን ምስ ተሳዕረ ዕሜ ናይ'ቶም ብዙሓት ብሰራዊት ሃጼ ምኒልክ ዝተማረኹ ኤርትራውያን ዓቕር በጺሑምም የማይቲ ኢዶምን ጸጋመይቲ እግሮምን ተቘሪጾም ባሊዲ (ሰኽኩል) ኮይናም ዝነበሩ ብላታ ተላ ጉብራይ (ማሱሓል ወደኸለ) ምስ ሞቱ፡ ነጋሽ ሳጎሉ ከምዚ ኢሎም ኣልቀሰሎም።

ብላታ ተላ ኣብ ምረት
ወጨፎ በትርኹም ሓያል ብረት
ሓሸር ሰንጋል ኢላ ምስ ፈከረት
ፈቐዶ ሜካ እናሓደረት
ውሕጅን ገደልን እናሰበረት
ኣንበሳን ሓርማዝን እናኸብረት
ኣዕቲት ተመሲሓ ዓድዋ ዝተደረት።

ካን ተመሊኸኩም ኣብ ምረት
ኣብዩት ኣብዩት ኣብ ሞት ዘሎ ድፍረት
ዕዙዝ ዝነበርኩም እንካብ ፍጥረት
ሎሚዶ ኑበሽኹም ምስ ሰብ ማዕረት።

**(ሰሎሞን ጸጋዮ - ማዕከን መልቀስን ቀዳሞት ገጽ 217)**

### ንዓይ ንዘምብሎ

ወይዘሮ ንግስ(ይ) ባሕረጋሲ ገረህላሰ ማጨውው ዓዲ ጉ፣ ሽባቢ ማይ ደማ እየም ሹመኛን ፍሉጥ ክኢላ ኣፋዊ ግጥሚታትን ዝነበሩ ኣቦኣን ባሕረጋሲ ገረህላሰ ምስ ዓረፉ ኣብ ቅድሚ እቶም ኣቡቲ ቐብሪ ዝነበሩ ራእሲ ኸዳማርያም ጉብረመስቀል፣ ንኣቦኣን ከምዚ ኢለን ኣልቀሳሎም።

ወየ ወየ ወየ
ጉሃዩለይ ንዓይ ንዝምብሎ
ኣረ ብኸዩለይ ንዓይ ንዝምብሎ
ዝብኢ ኽበልዓኒ'ዩ ቐትሪ ኸሎ
ሽላ ኽጸፍዓኒ'ዩ ላዕሊ ኸሎ
እቲ ብኺያትስ ንዓይ ድኣ ንዓይ
ንዝምብሎ

ኣንታ ሃይለ ሓወይ እምብዛ ኣይትቀሎ
ሃብተ ሓወይ'ውን እምብዛ ኣይትቀሎ
እንታይ ከይትኸውን ኣብ ነውጽ ከሎ
ሰላሴ ኣብ ጉንካ ራእሲ'ውን ብልዕሎ

ኢለን ኣልቀሳ፡ ነቲ መልቀስ ዝሰምዑ ራእሲ፡ "ጸውዕዋ" በሉ። ወይዘሮ ንግሰ ተጸዊዐን መጹ። ራእሲ "እንታይ ደሊኺ" ክብሉ ሓተትወን። ንሰን ድማ "ኣቦይ ጭቃ እዩ ነይሩ'ሞ እዛ ጭቅቃት ከይትኸድኒ ከም ዝነበረታ ነሕዋተይ ክትከውን ደልየ" በላኦም። ራእሲ ድማ ነታ ዝደለያኣ ጭቅቃት ብፈርማኦም ኣረጋጊጾም ንሓወን ሃብዎ። ስልጣን ድማ ሳላ መልቀሰን ካብ ባሕረጋሲ ገረህላሰ ናብ ደቆም ቀጸለት።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ኣሚራ ሰዒድ ነጋሽ፡ ኣቦይ ሰዒድ ነጋሽ ዓሊ ስለዝተሰወኡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃኖና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ሸ/ዞ/ማ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ቀምገር ተስፋይ ንገሰ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ፍ በርሀ ኀጸርኣብ መሓሪ 1.ጺጋ መሓሪ ምስየና 2.ፐርሳቤል በርሀ ኀጸርኣብ 3.ኤርምያስ በርሀ ኀጸርኣብ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ 2.ፐርሳቤል በርሀ ኀጸርኣብ 3.ኤርምያስ በርሀ ኀጸርኣብ፡ ንጹር ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሰሲ ኣብርሃም ወልደትንሳኤ ወልደማርያም፡ ተኸሳሲ ሰለሙን መብራህቱ ተስፋማርያም፡ ንገዝበ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ንጸሀይ የሴፍ ወልደኣብ፡ ስም ኣደይ ኣጽብሀት ገብረሂወት ምግቢ ተረፋ፡ ኣኽበረት መብራህቱ ጳውሎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ጀማል ሳልሕ መሓመድ ምግቢ ተረፋ፡ የማን ሳልሕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣቶ ወልዱ እስቲፋኖስ ፍስሃጽ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣምለሰት ተስፋይ ሓየሎም ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ጉዖይ ወልዳይ ወልደሰላሴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣንዋር ያሲን ዓብዶኑር፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ራህዋ ኣማን መሓመድ ምግቢ ተረፋ፡ ራህዋ ኣማን መሓመድኑርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣቶ ኪዳነ ፍስሃጽ ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ ይሕደጋ ተወልደመድህን ተስፋ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

መም/ዘርኣም ተወልደ ሃብቱ፡ ኣደይ ንጸሃ ጺጋይ ንገሰ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሳምሶን ፍስሃ ተፈራ፡ ስም ኣደይ ኣምለሱ ፍስሃ ተፈረ ምግቢ ተረፋ፡ ለተንገስ ብርሃ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ሃብቱ ጭኑም፡ ኣደይ ኣበባ ኣብርሃ ዘወልዲ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ክብሮም ወልዳይ ካሕሱ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ ኣወጣሽ መብራህቱ ዑቕባጋብር 1.ሰልጠነ ወልዳይ 2.ሰለሙን ወልዳይ፣ ንጹር ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሄለን ጸጋዬ ኣብርሃ፡ ኣደይ ኣብርሀት ተወልደ ሃብተማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲት ርግኣት ገብረመድህን ኣስመሮም፡ ተኸሳሲ ማሰፍን የዕበዮ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣምለሰት ተድላ ዑቕባጋብር፡ ብዓል ቤተይ ክብሮም ተስፋሰላሴ ሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትምኒት ተኽስተ ገብረመድህን፡ ኣቦይ ተኽስተ ገብረመድህን ተኽለን ኣደይ ሂወት ወልደእየሱስ ሀብተክኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ህልዋት ኣሕዋተይን 7 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ለተብርሃን ክፍለእየሱስ ተኽሉ ተጸዋዒ ኣቶ ሃብተማርያም ተኽስተ ድራር፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ዳኒኤል ተስፋጊርጊሽ ዑቕባጼን፡ ኣደይ ግዑይ ተሰማ መረስዕ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ናቕፋ/ኮርፖረሽን ኣቶ ፍስሃጽ ዓንደማርያም፡ ብፍ/በ/ዕዳ ጸጋዬ ተኽሊት፡ ንፈጻሚ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ጳውሎስ ካሌብ ዘርኣይ ምግቢ ተረፋ፡ ፖል ካሌብ ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ምሕረት ጺጋይ የሴፍ፡ ጓል ሓወቦይ ርሻን ክፍሎማርያም የሴፍ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳሊና ቴድሮስ ገብረእግዚኣብሄር፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኣቤል ከሰተ ርእሶም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ናትናኤል መሓመድ ህያቡ፡ ኣቦይ መሓመድ ህያቡ ዕሻ ስለዝተሰወኡ፡ ንብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ዘምዘም መሓመድኑር ሳልሕ ናይ መጽምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሳዕድያ ዓብዱ ኢብራሂም ምግቢ ተረፋ፡ ናድያ ዓብዱ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ርዚና ሓጎስ ስዩም፡ ተጸዋዒ ነጋሲ ተስፋኣለም ኣስገዶም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሸዋይቕ ስዩም ገዘሆኝ፡ ብዓል ቤተይ ተማሰገን ኣለምህ ደርስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ዳዊት ሃብቱ ተድላ፡ ኣቦና ሃብቱ ተድላ ገብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሄርሜላ ስምኦን ምኑጽ፡ ኣቦይ ስምኦን ምኑጽ ገብረማስቀል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተጸዋዕቲ 1.ኣቶ እዮብ ተስፋይ መኮነን 2.ኣቶ ዳዊት ብርሃ መኮነን፡ ብኣመልካቲ ኣቶ ክርስ በራኺ መኮነን ብመንገዲ ወኪሉ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክርክር ተኸፊትልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣበበ ግርማይ ረዳ፡ ኣቦና መም/ግርማይ ረዳ ሻንገል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ዓንደማርያም ተስፋይ በራኺ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኑብያት ዓንደማርያም በርሀ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተስፋይ ኣለሞ ኪዳን፡ ተጸዋዕቲ 1.ኣቶ እስክንድር ኣለሞ ኪዳን 2.ቅዱሳን ኣለሞ ኪዳን 3.ኣቡት ኣለሞ ኪዳን 4.ሰናይት ኣለሞ ኪዳን 5.ሩታ ኣለሞ ኪዳን፣ ንእሲሸል ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ ተኸፊቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሓደስቲ መጽሓፍቲ
NEW BOOKS

ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*

2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream ): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*

ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቑ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ኣብ መንጎ ከሳሲ መረሰዕ ርእሶም ዘርኡ ተኸሰስቲ 1.ሚካኤል ገርጃ ኣወዓሎም 2.ኣልማዝ ገርጃ ኣወዓሎም 9.ኣርሴማ ገርጃ ኣወዓሎም 10.ኣስቴር ገርጃ ኣወዓሎም 11.ሰለማዊት ገርጃ ኣወዓሎም፣ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን 27/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ንዕማ ሳልሕ ኣሕመድ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ፍ መብራት ካሳ ፈንታ፡ ወከል እድሪስ መንሱር መሓመድ፡ ወረ/ፍ/ዓብዱራሕማን እስማዒል 1.ኣናን 2.እስማዒል ሕሩይ 3.ሃናእ ዓብዱራሕማን ወረስቲ መርየም እስማዒል 1.እድሪስ 2.ሱልጣን 3.ዛህራ መንሱር፣ ናይ ፈጻሚ መዝገብ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ ዳኒኤል ስምረት ተስፋዝጊ ተኸሳሲ ሓድሽ ኣርኣያ ገብረስላሴ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ኣስካሉ ገብረመስቀል ቀለታ፡ ኣቦና ገብረመስቀል ቀለታ ኢማን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 መውትቲ 24 ተተኳእቲ ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣቶ ኣለም ኣስመሮም ተድላ፡ ኣደይ ጺጋ ስብሃቱ ወልደሰላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኤደን ሃይለ ደረሰ፡ ብዓል ቤተይ ምሕረትኣብ ኣስገደ በርሀ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ተስፋጊዮርጊስ ሃብቶም ኣድሓኖም ምባል ተረፉ፡ ተስፋጊዮርጊስ ተወልደብርሃን ኣድሓኖም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቶማስ ተኪኤ ኪዳነ ምባል ተረፉ ተማስገን ተኪኤ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወይኒ ረዳእ ኣርኣያ፡ ኣዴና ብርሃን ይትባረኽ ስለዝዓረፈት፡ ንኣቦና ቀሺ ረዳሽ ኣርኣያ ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣድያም ግርማይ ፍስሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ረድኤት ተኽለ ገብረመድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣኽሊሉ ኣብርሃም የማነ ምባል ተረፉ፡ ኣቤል ኣብርሃም የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዋህድ ስምኦን ዘርኡ፡ ብዓል ቤተይ ሙሴ ተኽለጊዮርጊስ ሃብተጽዮን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ልቾም ይሕደጎ ገብረሃዋርያት ምባል ተረፉ፡ ኣርሴማ ይሕደጎ ገብረሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ደሊና ይሕደጎ ገብረሃዋርያት ምባል ተረፉ፡ ዳሊዳ ይሕደጎ ገብረሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ዑቅባሚካኤል ዓንደጼን ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ቴድሮስ ዓንደጼን ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወጋሕታ መንግስትኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽሉብርሃን ኪዳነ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ዐቅቢት ኣሚነ ተኽሉ ምባል ተረፉ፡ ዊንታ ኣሚነ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልቺ ሕድራይ ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ድያና ሕድራይ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ምልእተ በየነ ክብረት፡ ብዓል ቤተይ ካፕቴን ምሕረትኣብ ገብረሚካኤል ነጸረኣብ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርኽቲ ኪዳነ ጭሩም፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ስብሃትልኣብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኸበረት ተስፋማርያም ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ዘመንፈስ ኣስፍሃ ኣወዓሎም ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እየሩሳሌም መንግስትኣብ ኣብርሃ፡ ኣደይ ዑቕባማርያም ተስፋይ ዞሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ጺጋይ ሃብቶም፡ ብዓል ቤተይ ኣማኒኤል ዑቕባዝጊ ገብረየሱስ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ሰለሙን ገ/ሄር ብርሃ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ኣስቴር ነጋሲ ገብረድንግል፡ ናይ ጥፉእ ፋይል ተኸፊቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቢ።

ሳልሕ እድሪስ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ እድሪስ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ጉዕ ሃብቱ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ የማነ ኪዳነ ደብሰይ፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሩታ ተስፋኣለም ተስፋሰላሴ ምባል ተረፉ፡ ሳምራዊት ተስፋኣለም ተስፋሰላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንግስቲ ዓንደማርያም ኣረፋይነ፡ ብዓል ቤተይ ገብረየሱስ ገብረማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግደይ ተወልደ ፍስሃየ ምባል ተረፉ፡ ፊሽን ተወልደ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልችያ ተኽለ ኪዳነ፡ ወደይ ዘርኣ ሽናሽ ወልዳይ ስለዝዘተሰወአ፡ ኣነ ምስ ኣቡኡ ሽናሽ ወልዳይ መልከ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተሚካኤል ዘርኣይ የሕደጎ ምባል ተረፉ፡ ቅሳነት ዘርኣይ የሕደጎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

መርሃዊት ገርጃ ተኽለይ ምባል ተረፉ፡ ሰሚራ እድሪስ ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ኣብራ ወልደጊዮርጊስ፡ ብዓል ቤተይ ኩብሮም ተስፋየሱስ ተኽለሃይማኖት ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሰለማዊት ሙልጌታ ጺጋይ ምባል ተረፉ፡ ሰለማዊት ጉዴታ ገምሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረዝጊ መለስ ኣቦይ መለስ በርሀ ተ/ማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንብዓልቲ ቤቱ ትርሓስ ናስር ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ድማ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰስቲ 1.ይሕደጋ ተ/መድህን 2.ሙሴ ተኽሉ፡ ተኸሳሲት ዊንታ ተኽለ ገብረሃንስ፣ ብዛዕባ ምቅሊት ውርሲ ዝምልከት መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ልችያ በርሀ ጺጋይ፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ በርሀ መኻሽ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃና መብራህቶም ዘውዱ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛይድ ተስፋዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባሚካኤል ተኽለሃይማኖት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዐረ ተኽለሚካኤል ፍስሃ ምባል ተረፉ፡ ሃብቶም ተኽለሚካኤል ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ኣምለሰት ኾኸበ ምባል ተረፉ፡ ኣቅሳስያ ኾኸቡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




### ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com
ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ፍ ሃደለ ኣስገዶም፡ ራህዋ ኣስመላሽ፡ ናርዶስ ኣስመላሽ፡ ኤደን ኣስመላሽ፡ ዳናይት ኣስመላሽ፡ ተሰፋልደት ወልደጋብር፡ ጺጋ ወልደጋብር፡ ወጋሕታ ኪዳን፡ ዘቢብ ኪዳን ብፍ/በ/ማሳል ወረ/ፍ/ሃደለ ኣስገዶም፡ ወረ/ፍ ኣሰፋሽ ሃደለ ኣስገዶም፣ ብወ/ሮ ቅዱሳን ዳዊት ማና ኣንጻርኩም ናይ ፈጸሚ መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብም የሴፍ ገብረኣብ ምባል ተረፉ፡ ኣላይ የሴፍ ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

የርዳኖስ ሓየለም ጉልበት፡ ብዓል ቤተይ ሳሙኤል ሃብተ ኣብርሃም ስለዝተሰወኡ፡ ንጓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዳኒኤል መብራህቱ ተኽሉ ኣደይ ፍረወይኒ ክብርኣብ ስቡሓት ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ መርሃዊት ሰለሙን መርሃይ፡ ኣቦይ ሰለሙን መርሃይ ነጋሲ ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ሓንቲ ጓሉ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን20/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ኣበራሽ መብራህቱ ገብረስላሴ ብዓል ቤተይ ግርማይ ደቦሳይ ገብረርፋኤል ስለዝዋረሬ፡ ንጓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣማኑኤል መሓሪ ወልደዝበርኤል ምባል ተረፉ፡ ፋኑኤል መሓሪ ወልደዝበርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑቕባሚካኤል ኣብርሃ ይሕደጎ ምባል ተረፉ፡ ዑቕባሚካኤል ኣብርሃም ይሕደጎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መሾ መብራህቱ ዘሙይ፡ ብዓል ቤተይ ክብሮም ኣብርሃለ መንግስቱ ስለዝተሰወኡ፡ ንጓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ትዕግስቲ ጠዓመ በርሀ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽለኣብ ጥዑምዝጊ መለሱ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ሂወት ሃይለማርያም ተሰፋጊርግስ፡ ብዓል ቤተይ ጺጋይ ምስጉን ገብረማርያም ስለዝዋረሬ፡ ንጓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 12 ደቁ ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን17/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

የሴፍ ጠዓመ ዘውዴ፡ ኣደይ ኣኸበረት ሃይሉ ደስታ ስለዝዋረረት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መድህን ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ገብረሚካኤል ደሞዝ ካሕሳይ ስለዝዋረሬ፡ ንጓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቀይ ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ኣባይ ንጉሰ ምባል ተረፉ፡ ትርሓስ ኣባዲ ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ሓረጉ የውሃንስ ንጉሱ፡ ብዓል ቤተይ በርሀ ኣርኣያ ደባስ ስለዝተሰወኡ፡ ንጓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፋሚካኤል ሰረቓ ፍስሓጼን፡ ስም ኣደይ ልቺ በረኸትኣብ ምባል ተረፉ፡ ኣመተማርያም በረኸትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሩታ ከሰተ፡ ተኸሳሲ ቢንያም ተሰፋብርሃን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

በየሉል ተሰፋኣለም ጺጋይ ምባል ተረፉ፡ በየሉል ተሰፋኣለም ጺጋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ባየረሚካኤል ታርቀ ቁርጣን ምባል ተረፉ፡ ባርያሚካኤል ተርቀ ቁርጣን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የውሃንስ ጃህራይ ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ የውሃንስ ጃህራይ ቃልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ተኽኣ ገብረስላሴ ተሰፋይ፡ ኣደይ ሓጎስ ሃብተሚካኤል ቀላተ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ሓንቲ ጓላ ጥራይ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዘቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ወጋሕታ ሚካኤል ፍረዝጊ፡ ተኸሳሲ ደብረጽዮን ነጋሲ ፍስሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣመና ማሕመድ ሐመድ ምባል ተረፉ፡ ኣምና ማሕሙድ መ/ድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢንተሳር ሓምድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ኢንተሳር ኣሕመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰዒድ መ/ድ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ሰዒድ መ/ድ ኣሕመድ ኣብተቡር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ምልክታ ጨረታ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሳል ወ/ሮ ምሕረት ሃብተማርያምን ብፍ/በ/ዕዳ ጸገወይኒ ክፍለ ወኪል ዶ/ር ጎደፋ ተሰፋይን + ወ/ሮ ለምለም ክፍለን ዘሎ ጉዳይ ኣመልኪቱ 2ይ/መጋ/ቤ/ፍ/ዞ/ዓ/ከረን ብዝሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ ኣብ ከረን ምም/ከባቢ 05 ዞን 01 ፍሉይ መፍለጢ ሎታ 19 ፓርሰል ጀይ ንኡስ ዝርከብ ህንጻ ኣብ 300 ት/ሜ ዝተደኮሳ ቪላን ተራ ገዛን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ 6 (ሽድሽተ) ቀንዲ ክፍልታትን 4 (ኣርባዕተ) ተሓጋገዝቲ ክፍልታትን ዝሓዘ፡ ንወረስቲ ኣብ 3 ብማዕረ ብዓይነት ክምቀል ስለዘይክኣል ብሓራጅ ተሸይጡ ብጽሒቶም ክማቐሉ ስለዝኣዘዘ፡ ብክኢላ ተገምጊቱ ግምት መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 796,801.54 (ሸውዓተ ሚእትን ቴስዓን ሽዱሽተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሓደን ናቕፋ 54%) ስለዝተገመተ፡ ክወዳደር ዝደሊ፥ ናይ'ዚ ልዒሉ ዝተገልጸ መጠን ገንዘብ 1/4 (ርብዒ) ብBook ወይ ብሲ.ፒ.ኦ (c.p.o) ኣማሲሩሑ ክወዳደር ይኽእል፡፡

* ዝቃወም ኣካል እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይ ኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡

* ጨረታ ብስዒር ደብዳበ ኣብ ዕለት ጨረታ ይቐርብ፡፡

ዕለት ጨረታ፦ 07/04/2026

ሰዓት ጨረታ፦ 9:30 ቅ.ቀ-10:30 ቅ.ቀ

ቦታ ጨረታ፦ ቤ/ጽ/ፈ/ዞ/ዓ/ከረን

ተወሳኺ ሓበሬታ፦ ተጫራታይ ባዕሉ ወይ ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪሉ ክጫረት ይኽእል፡፡ ጨረታ ብስዒር ደብዳበ ይቕረብ፡ ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቴሌ.400247 ብምድዋል ክትወከሱ ይከኣል፡፡

### ምልክታ ጨረታ

ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ኮምፒዩተር፡ ፕሪንተር፡ ፎቶኮፒየርን ፋክስን ጸግንን ሰርቪስን ክዝበር ን2026 ውዕል ክኣቱ ስለ ዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

1.ተጫረትቲ ናይ 2025 ዓ.ም ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፍቓድ ወይ ግብሪ ከምዝኸፈሉ መረጋገጺ ሰነድ ኮፒ የቕርቡ፡፡

2.ተጫረትቲ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ኣሃዱ ዕድጊ ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡

3.ተጫረትቲ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ መኽበሪ ጨረታ ብ cpo የትሕዙ፡፡

4.ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣትሒዙ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘተረኽቡሉ ሰዓት ይኸፈት፡፡

5.ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ተሌፎን 400111ወይ 07338477 ምውካስ ይከኣል፡፡

ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ዚፕ 1A713 ጎደና 138-1 ፕሎት 17 ፓርሰል E ቁ/ገዛ 23-41 ዝርከብ፡ ኣብ 55.76 ት/ሜ ዝተደኮሳ 2 ቀንዲ ክፍልትታ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘለዎ ገዛ፡ ብሚኒ/መ/ማ/ኣከባቢን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቑጽሪ ንብረት 1/011254/1ብዕለት 13/04/2017 ብስመይ ወሊድ ዓብደላ መሓመድ ዋንነቱ ዝተረጋገጸለይ ስለዝሸጥኩዎ ናብ ስም ዓድግቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስም ዓድግቲ ከም ዝመሓላለፍ እሕብር፡፡

ወሊድ ዓብደላ መሓመድ

ወኪል ዓብደልቀዱስ ዓብደልዓሊም

# መዛነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ሉዊስ ዳኒኤል ኣርምስትሮንግ

መዚቃዊ ቅዲ ጃዝ ማብቈላዊ- ኣመሪካዊ መዚቃ ኮይኑ፡ ኣብ መጀመርያ 20 ዘመን'ዩ ጀሚሩ። መዚቃዊ ቅዲ ጃዝ ኣብ ምዕራባዊ መዚቃ ቴክኒክን ክልስ ሓሳባትን ዝሰረተ ኮይኑ፡ በቲ ዓብይ ኣበርክቶ ኣፍሪቃውያን ኣመሪካውያን ከኣ ዚያዳ ይልለ።

እቲ "ክላሲካዊ መዚቃ ኣመሪካ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ጃዝ ኣብ ማዘናግዒ ክፍልታት ዝጀመረ ምንባሩ መዋዕባዒ ታሪኽ መዚቃ የረጋግጽ። ኣብ 20 ዘመን ኣብ ኣፍሪቃውያን ኣመሪካውያን ክፉቶ ምስ ጀመረ፡ ኣብ 1920ታት ጃዝ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ረኺቡ። ሓደ ካብቶም ንተፈላጥነት መዚቃ ጃዝ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበሩ ሰባት ኣመሪካዊ ሉዊስ ዳኒኤል ኣርምስትሮንግ እዩ። ኣርምስትሮንግ ክጻወት እንከሎ ብዘርእዮ ፍቕሩ ሕገስ ሰሚዒትን ውዕውዕ ቃናን'ዩ ዝፍለጥ።

ብ1901 ኣብ ግዝኣት ሉዚያና ዝተወልደ ኣርምስትሮንግ፡ ብድኽነት ኣብ ርእሲ ምዕባዩ ካብ 5ይ ክፍሊ ንላዕሊ ትምህርቱ ክቕጽል ዕድል ኣይረኸበን። ካብ 1912 ክሳብ 1914 ኣብ ዝነበረ እዋን ዝተፈላለዩ መሳርሒታት መዚቃ እናተጻወተ ሞያዊ መዚቀኛ ንምዃን ጸዓረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ሕልሙ ከተግብር ከኣለ።

ሞያዊ ታሪኹ ኣብ ጃዝ ንዝዊሕ ግዜ ዝጸንሐ እዩ። ንብሉጽ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ደምጺ ምርኢት ሽልማት ግራሚ ሓዊሱ ብርክት ዝበሉ ናእዳታትን ሽልማትን ረኺቡ እዩ። ኣብ 1917 ኣርምስትሮንግ ኣቓልቦ ወሩይ ተጻዋታይ ጃዝ ኪንግ ኦሊቨር ረኺቡ። ኣብ 1922 ኣብ ናይ 'ኪንግ ኦሊቨር ጃዝ ባንድ" ብምጽምባር ናይ መጀመርያ ኣልበም ሰርሐ። ኣብ 1924 ናብ ኒውዮርክ ድሕሪ ምኻዱ ድማ ኣብ



መዚቃ "ሆት ጃዝ" ተፈላጥነቱ እናዓበየ ከደ። ብድሕሪዚ ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ናይ ገዛእ ርእሱ ባንድ ብምቛም ሞያኡ ከማዕብል ከኣለ። ገለ ካብዞን ወሩያት ደርፍታት ኣርምስትሮንግ "ቢግ ባተር" ከምኡ'ውን "ኤግ ማን" ዝብላ ይርከባአን። ኣብ 1930ን ኣብ 1940ን ንሓንቲ ዓባይ ባንድ መሪሑ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ዑደት ብምግባር ካብ ተዓዘብቲ ልዑል ኣድናቖት ረኺቡ። ኣብ 1950ታት ከም ክኢላ ሃገራዊ መዚቃ ኮይኑ ከኡ ኣብ ፊልምታት ሬድዮን ተለቪዥንን ከምኡ'ውን ኣብ ፊልም ብቐጻሊ የቕርብ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ስም ኣርምስትሮንግ ጽልዋኡ ጥርዚ ህቡብነት በጺሑ። ድሕሪ ሞቱ ኣብ 1972 ንሽልማት ግራሚ 'ላይፍታይም ኣቺቭመንት' በቒዑ። ክሳብ ሎሚ ከኣ ኣብ ታሪኽ ተዘኪሪ ስም ኣጥረዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ጸለምቲ ሰፈሕ ተፈታውነት ረኺቡ እዩ። "ፔኒስ ፍሮም ሄቨን" ከምኡ'ውን "ካቢን ኢን ዘስካይ" ኣብ ዝብሉ ፊልምታት ብምውሳእ ናይ ፈለማ ጸለም ኣመሪካዊ ተዋሳኣይ ፊልም ኮነ። ኣብ 1976 ድማ ንኽብሩ ኣብ 'ኒው ኦርሊያንስ' ሓወልቲ ተሰሪሓሉ።

## ኣይምለሰክን'የ

ምስ ጨክንኩ ሓንሳብ ምስ ጸላእኩኺ.
ብሓሳብ ኣይምለሰክን'የ ብዋዛረ
ክወጽኣለይ'ዩ እቲ ናትኪ ፍቕሪ።
ይኣኽለኒ ኢለ'የ ስቓይ
ንቓንዛ ፍቕርኺ ምስሳይ
ደገም ኣይትሕሰቢ ኣብ ጥቓይ ክትለግቢ።
ቀደም'ኳ ዓቐየ ነቲ ብቐንጠበጠብ ዝተለምደ ፍቕርኺ ክሕብሕቡ
ገጺይ እናጸለመ ከናፍረይ እናፍሓመ
ፈላጥየይ እናሃደመ ብሰርኺ ጥዕናይ እና'ንቀልቀለ
ማሕፉዳይ እናጎደለ ምሳኺ ተዓዊዙ።
ሎሚ ግን ጉዱፈኪ'የ ወሰነ
ኣይፋል ኢለኪ ሕሉፍኪ ፈንፊኑ።
ኣይምለሰክን'የ ከኣ ኣስተማቒረ'የ'ቲ መቕረት
ብድሕረኺ ዝጠዓመ ህይወት
እንሆኹ'ንዶ ኑብሰይ ይመኻኸር
ኣብ ጸጋሕ መሊሰ እሃጥር
ስለዚ ኣይምለሰክን'የ ጥዑም'የ ዘለኹ
ካብ መርዛም ፍቕርኺ ምስ ተፈለኹ።
ንሰኺ ከኣ ቅጽ.
ናብቲ ዘድልየኪ ኪዲ ተበቐጺ።
ድሕሪ ሎሚ ዘራኽብ የብልናን ኣብ ናብራ
ኣብቂዑ'ዩ እቲ መከራ
ንዓኺ'የ ኣንቲ ካብ ፍቕሪ ዝጠዝሐ ኣበራ።
"ሺጋራ"

ምንጪ፦ መጽሓፍ ጸባሕ
ብስወእ ተስፋሂወት ጉብረሂወት

## ኩነታዊን ዘላቒን ፍቕሪ

ፍቕሪ መሰረታዊ ስምዒት ደቂ ሰብ እዩ። ይኹን እምበር ብኽመይን ስለምንታይን የጋጥም ንምርዳእ ቀሊል ኣይኮነን። ብርግጽ ኣዝዩ ረቂቕ ነገር እዩ። ብሉጽ ፍቕሪ ኣብ ሓድሕድ ምክብባር ጥቡቕ ዝምድና ምትእምማንን ዝተመርኮሰ እዩ። ከምዚ ዓይነት ፍቕሪ ኩሉ ግዜ ካብ ስምዒት ሓባራዊ ምርድዳእ ምክፋል ሓሳባትን ሓድሕድ ምክብባርን እዩ ዝምዕብል። ስምዒታዊ ፍቕሪ ብዙሓዊ ሓጺር ዕድመ'ዩ ዘለዎ። "ኣብ ልብና እንተ



ደአ ፍቕሪ ኣሎ ኸፍሲ ወከፍ ሓሳብ፡ ቃልን ተግባርን ተኣምራት እያም ዝሰርሑ። ምኽንያቱ ርድኢት እቲ ቀንዲ መሰረት ፍቕሪ ቃልን ተግባርን ስለዝኾነ" - ብምባል እዩ ቲስ ንሃ ዝገልጾ።

ገለ ፍቑራት "ኣፍቅረኪ/ካ እየ" ዝብላ ቃላት ከወግዱ'ዮም ዝረኣዩ። ብቐጻሪ ድማ ደቂ ተባዕትዮ ዚያዳ ደቂ ኣንስትዮ'ዮም። ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ ፍቕሪ ክስምዖም እንተደልየም ከወስዱዎ ዘለዎም ቀዳማይ ስጉምቲ ምውሳን'ዩ። ብርግጽ ንኻልኦት ሰባት ዘለካ ስምዒት ፍቕሪ ከተማዕብል ግዜ ዝሓትት ጉዳይ'ዩ። እቲ ዘርርም ግን ናጥካ ዝቕንዐ ስምዒት ፍቕሪ ዘይምርዳእ'ውን የጋጥም እዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ምቕባል ከይፀልሕና፡ ኣጉዳሲ ክኾውን ንዘይኽእል ዝምድና ከይተረዳኣና ንኸሰር። ብፍላይ ኣብ ምዝዓብን ምቕባልን ዝተመስረተ ፍቕሪ ኩነታዊ'ዩ። ኩነታዊ ፍቕሪ ኸምዚ እንድሕር ገርካ፡ ከፍቅረካ'የ ኣብ ዝብል ዘይምንቱዋዊ ኣተሓሳስባ'ዩ ዝቕጥ። ዘላቒ ፍቕሪ ነቲ ካልእ ኣካል ከም ዘለዎ ተቐቢልካ ንጡፍ ሓልዮት ምልጋስ ዘጠቓልል'ዩ። እዚ ናይ ውሳኔ ፍቕሪ'ዩ። ሓደ ሰብ ነቲ ካልእ ብዙይ ዕቃብታትን ብኸፉት ዓይኑን ብምልኣት ክቕበሎ ምስ ዝውሰን'ዩ። ናብ ጥርዚ ዝምድና ምስ ትሰጉም ኢኻ ኣብ ፍቕሪ ትበጽሕ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ፍቕሪ ዘፍጸም ጌጋ ከም ርዱእ ነገር እዩ ዝውሰድ። ሓድሕድ ሕድገት ከኣ ይግበር። ንጡፍ ተሳትፎ፡ ኣብ ስምዒት ዘይምህላው፡ ልሕሉሕ ፍቕሪ ከምዝሎ'ዩ ዘርኢ። ካብ ከም'ዚ ዝበለ ኣደማዒ ዘይኮነ ኣካይዳ ንምጥንቃቕ ብሉጽ ውሳኔ ይሓትት።

"ሰብ እንታይ ክብለኒ'ዩ?" ትብል እንተ ኮይንካ ቀልጢፍካ ኣይክትውሰንን ኢኻ። ቀልጢፍካ ዘይምውሳን ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ካብ ደሌትካ ምትራፍን ፍጹም ዘይምውሳንን እውን ከጋጥመካ ይኽእል'ዩ። ከይትወድቕ ምፍራሕ። ሓደ ካብ ቀንዲ ዕንቅፋታት ናይ ሓጎስን ዓወትን እዩ። እቲ ቀንዲ ጉዳይ። ኣብ ጉዕዞ ንእትወስዶ ውሳኔ ዝለዓለ ሚዛን ምሃብ እዩ። ምውሳን ነቲ ካብ ዝደቀቐ ክሳብ ዝዓበየ ክፉል መሰብርኻ ስራሕኻን ዝምድናኻን ይምልከት። ምስ መን ፍቕራዊ ወይ ናይ ሓዳር ዝምድና ክትምስርት ትደሊ? ኣብዚም ጉዳያት እትወስዶም ውሳኔታት ኣመና ጸለውቲ እየም። እቲ ምንታይ'ሲ ናብራኻ፡ ሓጎስካን ባህግኻን ኩሎም በዚም ውሳኔታት ስለ ዝጽለው።

## ጥቕስታት መዛነዪ

- "ኣብ ልብና እንተደአ ፍቕሪ ኣሎ ኸፍሲ ወከፍ ሓሳብ፡ ቃልን ተግባርን ተኣምራት እያም ዝሰርሑ። ምኽንያቱ ርድኢት እቲ ቀንዲ መሰረት ፍቕሪ ቃልን ተግባርን ስለዝኾነ።" - ቲስ ንሃ
- "ንኩሉ ነገር ጽቡቕ ነገር ኣለዎ፡ ግን ኣይንርእዮን ኢና።" - ኮንፊሽየስ
- "ኣብ ህይወት ዝኸደድ ኩናት፡ ኣብ ኣእምሮ'ዩ ዝጅምር።" - ኑቲፋፍ ኣመግበሶየር
- "ጉዳይ ኣሉታዊ ኑብሰ ዝርርብ ኣይትኹኑ። እቲ ትብሎ ትሰምዖ ከም ዘለኻ ዘይምርሳዑ።" - ቦብ ፕሮክተር
- "ዓቢ ወጽኢት ዓቢ ህርፋን ይሓትት።" - ሄራክሊተስ
- "ንጽባሕ ንምድላው ሎሚ ከቢድ ስራሕ ይሓትት።" - ብሩስ ሊ
- ካብ ውድቀት እምበር ካብ ዓወት ኣይንመሃርን ኢና።" - ብራም ስቶከር
- "ሕገስ ክትከውን እትኽእለሉ ክልተ መገድታት ኣሎ፡ ክዉንነትካ ምምሕያሽ ወይ ትጽቢትካ ምጉዳል።" - ጆዲ ፒኮልት።

## ክንክን ኣስናንን ግርጻንን

ጥዑይ ኣስናን ምውናን ዓቢ ርእሰ ማል እዩ። ጥዑይ ኣስናን ብዘይካ ኣብ ምሕያኽ መግቢ ብንጹር ምዝራብን ኣብ ሓፈሻዊ ስሕበት ፍሽኽታ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ኣብ ርእሰ ተኣማንነት'ውን ዓቢ ግደ ከም ዝጻወት እዩም ክኢላታት ዝገልጹ። ብዋጋ ምጽራይን ስፉዕ መርመራ ሲ ምኪያድን ጥዑና ሲ ኣብ ምሕላው መሪሕ ተራ ይጻወት። መጽናዕትታት ከም ዘሕብርዎ፡ ትውንኖ ብዘሊ ኣስናን ኣብ ዕድመ ጽልዋ ከም ዘለዎ'የም ዝሕብሩ።

ኣስናንካን ግርጻንካን ቀጻሊ ክንክን ይሓቱ እዮም። ምኽንያቱ ጥዑያትን ድልዱላትን ኣስናኑ መግቢ ንምሕያኽን ምድቃቕን ኣገዳሲ'ዮም ልዑል ስለ ዘኾኑ። ኣስናንና እንተ ደአ ተበላሽዮም ማለት ምስ ዝሕሰኹ ወይ ዝጠፍኡኹ ንምጽዋሩ ኣሸጋሪ ብርቱዕ ቃንዛ ይፈጥሩ። ብዘወሳኺ ግርጻን ይቖሰል እሞ ኣስናን



ከኣ ክረግፉ ይኽእሉ። ነዞም ዝተጠቕሱ ሽግራት ኣስናን ብዋጋእ ብምክንኻን ከወግዶም ንኽእል ኢና። ብጉድለት ጽርየት ዝመጽእ ምብልሻው ኣስናን ንኻልእ ክፍሊ ኣካላት ከይተረፈ ዘጥቅዕ ሓደገኛ ረኽሲ ከስዕብ ይኽእል። ክንንዝበሮ ካብ ዝግብኣና ጥንቃቐታት ንጽህና ኣፍናን ኣስናንናን ንምሕላው ከም ኮልጌት ዝኣመሰሉ ሳምና ሲ ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ንኣስናንና ጥራይ ዘይኮኑ ንታ ብዙሕ ርኹሓት ክትሕዝ እትኽእል መልሓስና'ውን ወትሩ ብብራሽ ክንጽሪ ይግባእ። ብፍላይ ከኣ ድሕሪ ሽኮራዊ ነገር ምብላዕ ብዋጋእ ምጽራይ የድሊ።

## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| መ | ስ | ፈ | | ስ | ስ | ዐ | | ኣ | ፍ | ራ | ዛ |
| ፍ | ረ | | ዓ | ላ | ሚ | | መ | ሃ | ረ | | ላ |
| ት | | ባ | ር | ዕ | | ፈ | ዛ | ዝ | | ድ | |
| ሕ | ል | ና | | | ወ | ሓ | ዘ | | መ | ለ | ሳ |
| | ስ | | ከ | ደ | | ሰ | ሚ | ና | ር | | ን |
| ህ | ሉ | ው | | ስ | ም | | | | ከ | ብ | ቲ |
| ን | ስ | ሓ | | ከ | ስ | ዐ | | | ብ | ሃ | ም |
| ጻ | | ለ | ም | ለ | ም | | ዕ | ረ | | ር | |
| | መ | | ሳ | | ማ | ህ | ረ | ም | ቲ | | መ |
| መ | ስ | ማ | ር | | ዕ | | ፍ | ታ | ሕ | | ኽ |
| ስ | ሓ | ን | | ቤ | | ሰ | ቲ | | | ማ | ሰ |
| | ቢ | | መ | ት | ረ | ብ | | ዓ | ሶ | | ብ |

# ሃገራዊ ውድድር ኩዑሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ 2026














ስእሊ- ክብሮም ጸሃየ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር 'ኵዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ' ተዛዚሙ

### ማእከል፡ ሻምፕዮን ኮይና!

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

ኣብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ክካየድ ዝቐነየ ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ ደቂ ተባዕትዮ 2026፡ ቀዳም 7 መጋቢት ተዛዚሙ።

እዚ 'ገማግም ባሕርና፡ ንሕበየት ጸወታታት ኵዕሶ እግሪ ሃገርና' ብዙዕል ቴማ ዝተሰላሰለ ውድድር፡ ሽዱሽተአን ዞባታት ተሳቲፈናኦ። ኣብ ክልተ ምድብ ተኸፋፊለን ድሕሪ ምጻዋት ከኣ፡ ናይ ፍሰ. ወከፍ ምድብ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን። ዞባታት ማእከልን ደቡብን ድማ፡ ንመጋጥምተን ሰዒረን ናብ ፍጻመ ሰጊረን። ጋሽ ባርካን ደብባዊ ቀይሕ ባሕርን ናይ ደረጃ ተጻዊተን።

ደቡብ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዓሰብ ኣብ ዝተኻየደን ሰለስተ ዞባታት ዝተሳተፍኦን መፈተኒ ውድድር ተኻፊላ ብምንባራ፡ ምስዚ ናይ ገማግም ኵዕሶ እግሪ ዝሓሸ ሌላ ነይሩዋ። ካብኡ'ዉን ኣብቲ እዋን ዝዘበሉ ተጻወትቲ፡ ክልተ ሐዛ ብምምጻእ ከኣ ሓጋዚ ነይሩ። ማእከል ግና፡ ንፈለማ ግዜኣ እያ ተሳቲፋቶ። ኣብታ ጸወታ ድማ፡ ክልተአን ብሉጽ ምንቅስቓስን ኣዝናዪ ጸወታን ኣርእየን።

ማእከል፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ወይ ሰት (እዚ ኣብ ሐጻ ዝሰላሰል ውድድር፡ 36 ደቒቕ ዝጽወት ኮይኑ፡ ኣብ ሰለስተ እብረ ፍሰ. ወከፍ እብረ 12 ደቒቕ ትምቀል)፡ ቅልጥፍቲ ሸቶ ብመገዲ ርያን ስዑድ ኣቐጺራ። ደቡብ፡ ንሸቶ ዝቐረበ ክልተ ዓንዲ ልዳት ኣህሪሙ። ቀዳማይ 12 ደቒቕ ከኣ፡ ብመራሕነት ማእከል 1-ብ0 ተዛዚሙ።

ካልኣይ ክፍለ ግዜ ምስ ፈለመ'ውን፡ ራያን ንዕኡን ንጋንታኡን ካልኣይቲ ሸቶ ኣመዝገበ። ኣብዚ እብረ'ውን ዓንዲ ልዳት ብምህራም ዘይዕድለኛ መሲላ ዝጸበረት ደቡብ፡ ብመገዲ መርሃዊ ሓዲሽ ካብ ናጻ ቅላዕ ናብ ጸወታ ዝመለሰታ ሸቶ ኣቐጺራ። እዚ እብረ ድማ፡ 2-ብ1 ተዛዚሙ፤ ናብ ሳልሳይን ወሳንን እብረ ኣምሪሐን።

ንተጻወትቲ ደቡብ ኣሸጊሩ ዝወዓለ ራያን፡ ኣብ እብረ'ውን ብፍንቱ ሸቶ ከፊቱዎ። እዚ ተጻዋታይ፡ ካብ ሓላዊ ልዳት ተተፊኣ ንዝተመልሰት ኵዕሶ ምስ ሰከዓት ኣወሃሂዱ ንዕኡ ሃትሪክ ዝሰረሓሉ ሳልሳይቲ ሸቶ ኣመዝገበ። ማእከል ከኣ፡ 3-ብ1 መሪሓ።

ኢዶም ዘይሃቡ ተጻወትቲ ዞባ ደቡብ፡ ሓያል ጻዕሪ ገይሮም፡ ንጸወታ ኣዝዮም ኣመቀሩዎ። ቅሳነት ሃይለ፡ ብርእሱ ገጪዩ ወጺኢት ናብ 3-ብ2 ዘጸበበት ሸቶ ኣቐጺሩ። ናይ መወዳእታ ውሑዳት ደቓይቕ ምስ ተረፉ ከኣ፡ ሓላዊ ልዳት ማእከል ካብ ዝዋቦኦ ቦታ ወጺኡ ኵዕሶ ብምሓዙ፡ ደቡብ ፍጹም ቅላዕ ተዋህበት። ሓላፍነት ዝወሰደ መርሃዊ ሓዲሽ ኣመዝገበ፡ ጸወታ 3-ብ3 ገበረ። ምዱብ ግዜ (36 ደቒቕ) ብምዝዛሙ ድማ፡ ናብ ተወሳኺቲ ሰለስተ ደቓይቕ ኣምርሑ።

ኣብዘን ጥንቃቐን ብልሓትን ተጻወትቲ ዝደልየን ዝጸበረ ደቓይቕ፡ መድሕን ማእከል ኮይኑ ዝወዓለ ራያን ስዑድ፡ ዝባኡ ኣለኸልኪ ኢሉዋ። ራብዐይቲ ሸቶ ባዕሉ ኣቐጺሩ፤ ጸወታ ብዓወቶም 4-ብ3 ክዛዘም መሪሕ ተራ ተጻዊቱ። ማእከል ከኣ፡ 'ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ 2026' ኮይና። ሱፐር ሃትሪክ ዝሰርሐ ራያን ናይታ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ፣ ብሓፈሻ ናይቲ ውድድር ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ዓላሚ ናይዛ ጋንታ ጀማል ኢብራሂም፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ተሰምዩ።

ካልኣይቲ ዝዘመት ደቡብ ብፍትሓዊ ጸወታ (Fair Play) እውን ተሸሊሞም።



ተጻዋታይ ተመስገን መብራህቱ ብሉጽ ሓላዊ ልዳት፣ ኣጥቃዓይ ማህደረ ደሳለ ከኣ፡ ብ17 ሸቶታት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ተጻዊዑ።

ኣቐዲመን ጋሽ ባርካን ደብባዊ ቀይሕ ባሕርን ናይ ደረጃ ጸወታ ንምስልሳል ናብቲ ልክዕ ፋዱስ (12:00 ድ.ቀ) ጸወታ ዝተሰርዓሉ ሜዳ ኣትየን፡ ጸወታ'ውን ጀሚረን።

ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ ብርቱዕ ጸሓይ ሑጻ መጻወቲ ሜዳ ኣዝዩ ብምርሳኑ፡ ጸወታ ካብ ውሱናት ደቓይቕ ኣይቀጸለን። ብምርድዳእ ኣካየድቲን እተን ዞባታትን ከኣ፡ ክልተአን ሳልሰይቲ ኮይነን ክም ዝዛዘማ ተገይሩ። ናይ ፍጻመ ጸወታ ድማ በምባሪ ማይ ረብሪብ ኮይኑ ሜዳ ድሕሪ ምዝሓላ እዩ ተኻይዱ።

ብሓፈሻ ጸቡቕ ተወዳዳርነት ዝተራእዩ እዚ ውድድር፡ መሳጢ ነይሩ። ክሽዑ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ጥራይ ዝስራዕ ከኣ፡ ተደጋጋሚ ክኸውን ተሳተፍቲ ጋንታታት ተላበዩ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ንዕኡ ዝኸውን ትሕተ ቅርጺ ሰሪሕካ ክጽወት ስለዝኽእል'ውን፡ ክሽዑ ብደረጃ ሃገር ኣካል ዞባዊ ውድድር ክኸውን ዞባታት ክሰርሓሉ ይኽእላ እዮ።



ኣብ ጺጋም ናብ የማን - ማህደረ፡ ራያን፡ ተመስገንን ጀማልን



ሻምፕዮን ዝኾነት ዞባ ማእከል

## ሊግ ዞባ ማእከል - ቀይሕ ባሕሪ ንቀዳማይ ዙርያ መራሒት ኮይና ወዲኣቶ

### ግጥማት ዘዋሪት ዋንጫ ደቂ ኣንስትዮ - ደንደንን ኢንሹራንስን ናብ ዋንጫ ሓሊፈን

ኣብ መንን ትሸዓተ ጋንታታት ኵዕሶ እግሪ ዝካየድ ዘሎ ሊግ ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ፡ ሰንበት 8 መጋቢት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብዝተሰላሰለ ግጥማት ናይ ቀዳማይ ዙርያ ውድድሩ ዛዚሙ።

ፈለማ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ቀይሕ ባሕርን እየን ተራኺበን። ኣብ ቀዳማይ እብረ 0-ብ0 ወዲኣን።

ካልኣይ እብረ ኣርባዕተ ደቓይቕ ምስ ተላዕለ ከኣ፡ ኣጥቃዓይ ቀይሕ ባሕሪ ስምኦን ኣስመላሽ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ሸቶ ኣመዝገበ፡ ጋንታኡ 1-ብ0 መሪሓ። ኣብ መበል 68 ደቒቕ'ውን፡



ተጻዋታይ ደንደን - ዴቨን ግብጻዊ

ቤንሀር ኣማኑኤል ሸቶ ኣቐጺሩ ቀይሕ ባሕሪ መራሕነታ ናብ 2-ብ0 ኣዕሪጋቶ።

ዘራእትን ጥሪትን፡ ወላ'ኳ ብመገዲ ኣሮን ኣሰማን ጸወታ 2-ብ1 እንተገበረት፡ ቀይሕ ባሕሪ ብተኸታታሊ ኣብ ኣጋ ምዝዛም ጸወታ ካብ መድሃኔ ረድኢን ናሆም ኣማኑኤልን ዘመዝገበተን ሸቶታት፡ ብገፊሕ 4-ብ1 ተዓዊታ። ኣከፋፋሊኣ ዓብለሎም ተኸለዝጊ ድማ ናይታ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ግጥም ማይ ተመናይን ደንደንን ሰዒቡ ተኻይዱ፤ ብተመሳሳሊ ከም ቀዳመይቲ ጸወታ ቀዳማይ እብረ 0-ብ0 ተዛዚሙ።

ቀንዲ መወዳደርታ ቀይሕ ባሕሪ ምዕዋታ ዝተዓዘበት ደንደን፡ ኣብ መበል 47 ደቒቕ ካብ ደቬን ግብጻዊ መራሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ረኺባ። ኣብ መበል 83 ደቒቕ ሻም ተወልደ ሸቶ ብምውሳኹ ከኣ፡ ደንደን 2-ብ0 ተዓዊታ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ ግጥም፡ ደቬን ተረቒቡ።

ኣብዚ ኣፍሰ. ወከፈን ሸሸሞንተ ግጥማት ብምክያድ ዝዛዘመ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ውድድር፡ ቀይሕ ባሕሪ ብ19 ነጥቢን 12 ጸብለልታ ሸቶን ቀዳመይቲ ኮይና ዛዚማ። ደንደን ብተመሳሳሊ ነጥቢ ብትሽዓተ ጸብለልታ ሸቶ ትስዕብ። ኣዱሊስ 15 ነጥቢን ሽዱሽተ ሸቶን ሳልሰይቲ ተሰሪዓ ኣላ። ኣስመራ በራ 11 ነጥቢ፡ ሰምበል 10 ነጥቢ፡ ሰገን ትሽዓተ፡ ዘራእትን ጥሪትን ሸሞንተ፡ ኣልታሕረር ሸውዓተ፡ ማይ ተመናይ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣኪበን ካብ ራብዓይ ክሳብ ታሽዓይ ተርታ ተሰሪዐን ደርኪበ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቀዳም 7 መጋቢት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ተሰላሲሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ሊግ ጸወታ ናይ ምምሕዳራት ጋንታታት ገጀረትን ሰምበልን ኣብ ዝተየዳእ ጸወታ፡ ገጀረት 2-ብ0 ክትዕወት እንከላ፡ ኣባላ ሹሻን መብራህቱ - ናይታ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ዘዋሪት ዋንጫ'ውን ተኻይዱ ነይሩ። ኢንሹራንስ ንንግደፍ 8-ብ1 ብምስዓር ናብ ፍጻመ ሓሊፋ። ኣባላ ራህዋ ሓዲሽ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይታ ግጥም ተጻዊዓ።

ደንደን'ውን ንዕዲጋ ሓሙስ ብገፊሕ 8-ብ0 ብምስዓር፡ ኣብ ፍጻመ ኣንጻር ኢንሹራንስ ጸወታ ይጸብያ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይታ ግጥም፡ ተጻዋቲት ደንደን ሄለን ሚካኤል ተረቒባ።

ብተወሳኺ፡ ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ቀዳምሰንበት ቀጺሉ ነይሩ። ደንደን ንንግደፍ 3-ብ2፡ ኣኸርያ ንኣልታሕረር 5-ብ0፡ ኩጥንያ ህንጻ ሳዋ ንማይተመናይ 5-ብ1 ሰዒረንኦ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮንስ ሊግ ዙር 16 ቀዳማይ እግሪ**

ጋላታሳራይ - ሊቨርፑል 8:45 ድ.ቀ

ኒውካስል - ባርሰሎና 11:00 ድ.ቀ

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ቶተንሃም 11:00 ድ.ቀ

ኣታላንታ - ባየር ሙኒክ 11:00 ድ.ቀ

## ስፖርታዊ ቅነ 'እዚ ማእከል' ፈሊሙ

ዳናይት ተስፋዝጊ

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

መበል 14 ስፖርታዊ ቅነ እዚ ማእከል፡ ብቀዳም 7 መጋቢት ኣብ ስታድዩም መንደፈራ መጋረጃኡ ከፊቱ።

እዚ ክሳብ 19 ግንቦት ዝቕጽል ውድድር፡ ን21 ክፍለ ሰራዊት ዘውክላ ጋንታታት ኣብ ሰለስተ ምድባት ተኸፋፊለን እየን ዘካይድኦ ዘለዋ። በዚ መሰረት ኣብ ከተማ መንደፈራ ናይ ዝስለፉ ኣባላታ ብዘተንጸባረቐ ጸወታ፡ ኒታ ልዳታ ብዘጥቅዑ ዘይተቐጸጸረት ንክፍለ ሰራዊት 13 ዝወከለት ብሪጌን ብገፊሕ 4-ብ0 ብምስዓር፡ ንክፍለ ሰራዊታ 42 ኣሐቢና።

ንመረብ ብመራሕነትን ብሸቶን ደርዒ ብምኻን ደሚቑ ዝወዓለ ሓሊቓኣ ሳምሶም ተኸስተ፡ ሰለስተ ሸቶታት ብምቑጻር፡ ሃትሪክ ሰሪሑ። የናስ ጉብረመስቀል ድማ፡ ንመኽፈቲት ሸቶ ኣመዝጊቡዋ።



ጋንታ መረብ ምስ ጋንታ ብሪጌን

ስፖርታዊ ቅነ እዚ ማእከል ናይዚ ዓመት፡ ሸሞንተ፡ ኣብ ጸርና ሽዱሽተ ከምኡ'ውን ኣብ ደቀምሓረ ሸውዓተ ጋንታታት ተመዲበን ኣለዋ።

ኣብ መኽፈቲ ዕለት ከኣ፡ ብዋጥም ኵዕሶ እግሪ ጋንታታት መረብን ብሪጌንን ፈሊሙ። ኣብቲ ብሉጽ ምንቅስቓስ ዝተራእዩ ግጥም፡ ኣብ ምክፍፋልን መጥቃዕቲን ብቐዓታ ዘመስከረት መረብ፡ ንኣድ ምውህሃድ ኣብዚ ማስመር እዚ ንሽዱሽተ ዓይነታት ስፖርት - ኵዕሶ እግሪ፡ ሰከይትን መርበብን ከምኡ'ውን ኣትሌቲክስ፡ ቸዝን ጨመተ ተኸሰን ሓቐፉ፡ ብክልተኡ ጾታ እዩ ውድድራት ክካየድ።

ኣብ ፍሰ. ወከፍ ክልተ ዓመት ዝካየድ ስፖርታዊ ቅነ እዚ ማእከል፡ ኣብ ዓመት 2024 ብጐብለልነት ጋንታ ክሌማ ምዝዛሙ ይዝከር።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኢራን ሓድሽ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ ትሸይም

ኢራን፡ ትማሊ. ሰኑይ፡ ሞጅታባ ካማኒ. ንኣቡኡ ኣያቶላህ ዓሊ. ካማኒ. ተኪኡ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒኣ ክኸውን ከም ዝሸመቶ ኣፍሊጣ፡፡

ሰማንያን ሸሞንተን (88) ኣባላት ዝሓቖፈ. ባይቶ ናይታ ሃገር፡ ኑቲ ኣቐዲሙ ኣብ ውሽጢ. ሓይልታት ጸጥታ ዓቢ. ጽልዋን ሰፊሕ መርበባት ንግድን ዘለዎ ሞጅታባ፡ ተካኢ. ኣቡኡ ክኸውን ብዓብላሊ. ድምጺ. ከም ዝመረጾ እዩ ዝገለጸ ዘሎ፡፡

ባይቶ ኢራን ድሕሪ እቲ ዝተኻየደ ማስርሕ ምርጫ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ባይቶ፡ ንኢያቶላህ ሰይድ ሞጅታባ ሐሴኒ. ካማኒ. ሳልሳይ መራሒ. ቅዱስ ስርዓት እስላማዊት ረፓብሊክ ኢራን ክኸውን ሸይምዎ ኣሎ" ክብል ሓቢሩ፡፡

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ሓድሽ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ. ኢራን ካብና ፍቓድ እንተ ዘይረኸበ፡ ብህይወት ነዊሕ ኣይክጸንሕን እዩ፡፡ ዝቐጽል ዘሎ ኩናት ንምዝዛም'ውን ምስ በንያሚን ናታንያሁ ናይ ሓባር ውሳነ ምሃብ ከድሊ. እዩ" ክብል ገሊጹ፡፡

መጥቃዕቲ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ. ኢራን ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ብውሕዱ 1,332 ኢራናውያን ከም ዝተቐትሉን ካልኦት ኣሽሓት ከም ዝቖሰሉን እያም ጸብጻባት ናይታ ሃገር ዝጠቕሱ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኩናት እስራኤል፡ ኣመሪካን ኢራንን ካብ ዝጀመር ልዕሊ. ሓደ ሰሙን ኣቑጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ዋጋ ሓደ በርሚል ነዳዲ ልዕሊ. 100 ዶላር በጺሑ ከም ዘሎ፡ እዚ. መጠን ዋጋዚ. ድማ ካብ 2022 ንደሓር እቲ ዝለዓለ መጠን ምዃኑ ይግለጽ ኣሎ፡፡



## እስራኤል፡ ንሓድሽ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ. ኢራን ክትቀንጽል ምዃና ተፈራርሐ

እስራኤል፡ ንብታ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ. ኢራን ነበር ኣያቶላህ ዓሊ. ካማኒ. ዝትክእ ዝኾነ ሰብ ክትቀንጽሎ ምዃና ኣፍሊጣ፡፡

ካማኢን ካልኦት ላዕለዎት መራሕቲ ኢራንን፡ ዝሓለፈ. 28 ለካቲት ብመጥቃዕቲ ኣመሪካን እስራኤልን ከም ዝተቐትሉ ዝዝከር እዩ፡፡

እስራኤል ዝ. ትገልጽ ዘሎ፡ ወዱ ንኢያቶላህ



ዓሊ. ካማኒ. ዝኾነ ሞጅታባ ዓሊ. ካማኒ፡ ሓደሽ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ. ኢራን ክኸውን ድሕሪ ምምራጹ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ኢድ እስራኤል ንፍሲ. ወከፍ ተካኢ. ኢያቶላህ ዓሊ. ካማኢን ንሰኡ ኣብ ምሻም ዝሳተፉ ሰባትን ክረኽቦም እዩ" ክብል ኣጠንቂቑ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ. ሰሙን፡ እስራኤል ኣብ ከተማ ቁም - ኢራን ንዘርከበ ዋና ቤት ጽሕፈት ባይቶ ደብዳብ'ኳ እንተ ነበረት፡ እቲ መጥቃዕቲ ግን ንማስርሕ ምርጫ ሓደሽ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ. ኢራን ከሰናኽሎ ከም ዘይከኣለ እዩ መርበብ ሓበሬታ 'ረሻ ቱደይ' ዘመልከተ፡፡

ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ጸጥታ ኢራን ዓሊ. ላሪጃኒ፡ "ምምጻእ ሞጅታባ ካማኒ. ናብ ስልጣን፡ ኣመሪካን እስራኤልን ንሞት ኢያቶላህ ዓሊ. ካማኒ. ተጠቒመን ኣብ ኢራን ህውከት ክዘርኣ ዝበረን ውዲት ከም ዘፈሸለ ዘርኢ'ዩ" ኢሉ፡፡

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁን፡ ሓደ ካብ ዕላማታት ናይቲ ዝካየድዎ ዘለዉ. ኩናት፡ ኣብ ኢራን ናይ ስርዓት ለውጢ. ንምምጻእ ምዃኑ እያም ዝጠቕሱ፡፡

ብፍላይ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ብዘይ ቅድመ ኩነት ኢዳ ክትህብ፡ እንተ ዘይኮይኑ ግና እቲ ተመሪጹ ዘሎ ሓደሽ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒኣ ንነዊሕ ግዜ ኣብ ስልጣን ከም ዘይጸንሕ ኣጠንቂቑ ኢሉ፡፡

ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ግና፡ መኸተኡ ኣንጻር ኣመሪካን እስራኤልን ክሳብ መወዳእታ ከም ዝቕጽለን ሃገሩ ኣሕሊፉ ከም ዘይህብን እዩ ደጊሙ ዝገልጽ ዘሎ፡፡

## ሊባኖስ - ልዕሊ. ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ተመዛቢሎም

ሚኒስተር ማሕበራዊ ጉዳያት ሊባኖስ ሃኒን ሰይድ፡ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ. ሊባኖስ ካብ ዝጀመር ንደሓር ቁጽሪ ናይ'ቶም ካብ መረበቶም ዝተዛናበሉ ነበርቲ ኣስታት 517 ሽሕ ከም ዝበጽሐ ሓቢራ፡፡

ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ብወገኑ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ሰሙን ጥራይ ብመጥቃዕቲ እስራኤል 394 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ገሊጹ፡፡

እስራኤል ድማ፡ በቲ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ምስ ዕጡቓት ሕዝቦላህ እተካይዶ ዘላ ግጭት ክልተ ወተሃደራታ ከም ዝተቐትሉ ሓቢራ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ኣብ ልዕሊ. ሊባኖስ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ሓሙሽተ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ኢራን ከም ዝቐተለት ኣረጋጊጻ፡፡

ሕዝቦላህ፡ ዝሓለፈ. 28 ለካቲት ብመጥቃዕቲ ኣየር እስራኤልን ኣመሪካን ናይ ዝተቐትለ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ. ኢራን ኢያቶላህ ዓሊ. ካማኒ. መልሰ ግብሪ ንምሃብ ብርኪታትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ተሓጊዙ ኣብ ልዕሊ. እስራኤል መጥቃዕቲ ከም ዘካየደ ዝፍለጥ'ዩ፡፡

እስራኤል፡ ነበርቲ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ንድሕሪት ክበሉ ካብ መንበሮም ክለቁ ድሕሪ ምጽዋዓ፡ ቁጽሪ ተመዛበልቲ ይወስኽ ከም ዘሎ እዩ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ዘመልከተ፡፡

ቀዳማይ ሚኒስተር ሊባኖስ ናዋፍ ሰላም፡ "ሃገርና ናብ ዘይደለናዮን ዘይመረጽናዮን ኣዕናዊ ኩናት ትኣቱ ኣላ" ኢሉ፡፡

ንሱ ቀጺሉ፡ ኣብ ህዝቢ. ሊባኖስ ዝርኣ ዘሎ ሰፊሕ ምምዝባል፡ ሰብኣውን ፖለቲካውን ሳዕቤን ከኸትል ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ፡፡



## ባንግላደሽ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ትዓጹ

ባንግላደሽ፡ ምስ ግጭት ማእከላይ ምብራቕ ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ኢጋጢሙዋ ዘሎ ቅልውላው ጸዓት እናገደደ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ዩኒቨርሲታት ክትዓጹ ከም ዝተገደደት ኣፍሊጣ፡፡

ሰብ መዚ. ባንግላደሽ ካብ ትማሊ. ሰኑይ ጀሚሮም ኣብ መላእ እታ ሃገር ንዘርከቡ ኩለን መንግስታውያንን ናይ ብሕትን ዩኒቨርሲቲታት ብምዕጻው፡ ነዳዲ ንምዕቃብ ህጹጽ ስጉምትታት ምውሳድ ከም ዝጀመሩ ሓቢሮም፡፡

እቶም ሰብ መዚ. ኣብ ሓበሬታኦም፡ እቲ ስጉምቲ፡ ሃልኪ. ሓይሊ. ኤሌክትሪክ ጥራይ ዘጉድል ዘይኮነ፡ እንተላይ ኑቲ ብኸበት ነዳዲ. ዘሰዕብ ዘሎ ጸዕቂ ምንቅስቓስ ናይ ተሸከርከርቲ'ውን ዘቃልል ምዃኑ ኣረጋጊጾም፡፡

ንሳቶም ቀጺሎም፡ ዩኒቨርሲቲታት ንመንበሪ ኣዳራሻት፡ ክፍልታት፡ ላቦራቶሪታት ካልእን ዝኸውን ብዙሕ ሓይሊ. ኤሌክትሪክ ስለ ዘህልኹ፡ ብኡ ምዕጻወን ኣብ ልዕሊ.'ቲ ስርዓት ሓይሊ. ኤሌክትሪክ ተፈጢሩ ዘሎ ጸቕጢ. ክቃለል ዝሕግዝ ከም ዝኾነ ሓቢሮም፡፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ባንግላደሽ ብወገኑ፡ "እቲ ውሳኔ ህሉው ዓለማዊ ኩነታት ጸዓት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሃልኪ. ነዳድን ሓይሊ. ኤሌክትሪክን ንምንካይ ዝተወሰደ'ዩ" ኢሉ፡፡

ኣስታት 95 ሚእታዊት ካብ እተህልኾ ጸዓት ካብ ወጻኢ. ሃገራት ሸሚታ ከም እተእትዎ ዝነገረላ ባንግላደሽ፡ ዋጋ ጸዓት ብደረጃ ዓለም ድሕሪ ምውሳኹ ኣብ መሸጣ ነዳዲ. ዝቒጋታት'ውን ገለ ገደብ ከም ዘንበረት እዩ ዝገለጽ ዘሎ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ባንግላደሽ፡ ንኹለን ትካላትን ኣብያተ ጽሕፈታትን ናይታ ሃገር ዝምልከት ንኣጠቓቕማ ሓይሊ. ኤሌክትሪክ ዝምልከት መምርሒታት ኣውጺኡ ከም ዘሎ እዩ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ዘመልከተ፡፡



## ኬንያ - ብርቱዕ ዝናብ ሞትን ዕንወትን ኣስዒቡ

ኣብ ኬንያ - ከተማ ናይሮቢ. ብዘዘረመ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ዘስዓቦ ዕልቕልቕን ብውሕዱ 42 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሰብ መዚ. ናይታ ሃገር ሓቢሮም፡፡

ኣብቲ ዘጋጠመ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣባላት ህይወት ኣድሕንን ፖሊስን ብዘበርክትዎ ጻዕሪ ልዕሊ. 30 ሰባት ካብ ሞት ክድሕኑ እንከለዉ፡ ብዙሓት ሰባት ድማ ደጆም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ በበሲ. ኣመልኪቱ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ. መንበሪ ኣባይትን ካልኦት ትሕተ ቅርጽታትን ናይታ ሃገር ከቢድ ዕንወት ብምውራዱ፡ ኣብ ብዙሓት ነበርቲ ምምዝባል ተፈጢሩ ከም ዘሎ፡ እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ ኣረዲኡ፡፡

ብዙሓት ጽርግያታት በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ብምዕናዎም፡ ካብን ናብን ምንቅስቓስ ኣጸጋሚ ኮይኑ ከም ዘሎ'ውን ይግለጽ ኣሎ፡፡

ሚኒስተር ህዝባዊ ኣገልግሎት ኬንያ - ጀፍሪ ከሪንጋ ሩቱ፡ ሓያለ ሰራሕተኛታት ህጹጽ ረድኤት ኣብቲ ብሓደጋ ዝተሃስየ ቦታታት ተዋፊሮም ስርሒታት ህይወት ምድሓንን ምድላይን የካይዱ ከም ዘለዉ. ሓቢሩ፡፡

ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ ብወገኑ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ንስድራ ግዳያት ናይቲ ባህርያዊ ሓደጋ ቅልጡፍ ናይ መግቢ. ረዲኤት ክለኣኸሎም ጸዊዑ፡፡

ኣገልግሎት ሜትሮሎጂ ኬንያ፡ ኣብታ ሃገር ንዊሕ እዋን ዝቕጽል ብርቱዕ ዝናብ ክዘንበን ኣብ ከተማታት ሓደጋታት ዕልቕልቕ ኪጋጥምን ከም ዝኽእል ኣቐዲሙ ኣጠንቂቑ ምንባሩ እዩ ዝገለጸ፡፡




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ኖቫ | 10/03/2026 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ. ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ. | 07120574 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services